# ሓዳስ ኤርትራ


The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.201 | ሓሙስ 23 ሚያዝያ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ቻይና፡ ካብ ‘ፍወሳ ብነውጺ’ ከመይ ኣምለጠት፧



ገጽ 5
ዝኽሪ ሚያዝያ



ገጽ 9
ሓቀኛ መጻምዲ ብኸመይ ይርከብ፧



ገጽ 11
“ፈርናንደዝ፡ ኣብ ማንሲቲ እንተዝህሉ ባሎን ዶ. . .



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ካብ ፕረዚደንት ዚምባብዌ ዝተላእከ መልእኽቲ ተቐቢሉ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ትማሊ 22 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ምሸት፡ ካብ ፕረዚደንት ዚምባብዌ ኤመርሰን ምናንጋግዋ ዝተላእከ መልእኽቲ ተቐቢሉ።


ልኡኽ ፕረዚደንት ዚምባብወ ኣምባሳደር ዶ/ር ኤማንዌል ቡሉካ፡ ሒዝዎ ዝመጸ መልእኽቲ፡ ዚምባብወ ዘይቀዋሚት ኣባል ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኽትምረጽ ደገፍ ኤርትራ ዝሓትት’ዩ።

ኣብ’ቲ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ዝተኻየደ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣፍሪቃ 60 ሚእታዊት ዝግመት ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ ዓለም እትውንን ኣህጉር ብምኳና፡ እዚ ሃብቲ’ዚ ብጥረ ንሰደድ ክኸይድ ከምዘይብሉ፡ ናይ ክብሪ ወሰኽ ንኽህልዎ ድማ ተመስሪሑ ንሰደድ ክበቅዕ ከምዝግባእ ኣገዚቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ ኣፍሪቃ ከምኡ ንኽትጉብር እንተዘይብቒዓ ካብ ሸግራታ ክትናገፍ ከምዘይትኽእል ብምንጻር፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ እቲ ዝግብኦ ቦታኣ ንኽትሕዝ ሃገራታ ብሓባር ክሰርሓ፡ ከምኡ’ውን ሓድሕዳዊ ምሕዝነትን ምትሕብባርን ከደልድላ ጸዊዑ።

ኣምባሳደር ዶ/ር ኤማንዌል ቡሉካ ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ምናንጋግዋ ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ንክልቲአን ሃገራት ኣብ ዘገድስ ጉዳያትን ምትሕግጋዝን ከምእተዘራረብ ገሊጹ። ኣብ መጻኢ ቀጻሊ ርክባት ንምክያድ ብኽልቲኡ ወገን ድልውነት ከምዘሎ ድማ ኣረጋጊጹ።

ኣብ’ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቦም ነይሮም።


ታእዛዝ ኣብርሃ

# ልኡኽ ኤርትራ፡ ንመበል 47 ኣኼባ ‘ኣፍሪቃዊ ኮሚተ ክኢላታት መሰላትን ድሕነትን ህጻናት’ መብርሂ ሂቡ

ካብ ዝተፈላለያ ኣካላት ዝቘመ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ21 ሚያዝያ፡ ንመበል 47 ኣኼባ ኣፍሪቃዊ ኮሚተ ክኢላታት መሰላትን ድሕነትን ህጻናት ብዋግዛ መብርሂ ሂቡ።

እቲ ብኣቶ ምሕረትኣብ ፍስሃየ - ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ድሕነት ዝተመርሐ፡ ወከልቲ ሚኒስትሪታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ጉዳያት ወጻኢን ፍትሒን፡ ከምኡ’ውን ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራን ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ቀዋሚ ሚስዮን ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ቁጠባዊ ኮሚሽን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝርከብዎም 15 ኣባላት ዝሓቘፈ ልኡኽ፡ ኣጠቓላሊ ገስጋሳዊ ጸብጻብ መስርሕ ምጽንባር ዘመናዊ ከለላ ሕጊ ምስ ኮም ማእከል ዝገበረ ማሕበራዊ ንጥፈታት ንምርግጋጽ መሰላት ቁልዑ ኣቕሪቡ።

እቲ ልኡኽ፡ ኣብ ሃገራዊ ሕጋዊ መርሓ ጉደና ዝተኣታተወ ምምሕያሻትን ምቛም ሽማግለታት ዕርቂን፣ ትካላዊ ውህደት ንምዕዛዝ ዝተኻየደ ጻዕርን ገስጋሱን፣ ዘላቒ ገስጋስ ጥዕና፡ ኣመጋግባን ድሕነትን ቁልዑ ንምውሓስ ዝሰላሰል ዘሎ ስራሕን ፍረኡን፣ ሃሳዪ ልምድታት ንምውጋድን ጾግማት ንምሕጋዝን ዝተዓመ ስራሕ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውጥን ስራሕ ጽላት ትምህርቲ (ካብ 2026 ክሳብ 2030) ዝተኮረ ሰፊሕን ብኣሃዛት ዝተሰነየን መግለጺ ሂቡ።



ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምስፋሕ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ብዝምልከት፡ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ጥራይ ብጠቕላላ 1,800 ሓደስቲ መዋእለ-ህጻናት ከምእተሰርሓን 5 ሽሕ ሓደስቲ መምህራን ከምእተቘጽሩን ብምሕባር፡ እዚ ኣካልን መቐጸልታን ናይ’ቲ ኤርትራ ድልዱል ስርዓተ ትምህርቲ ብምህናጽ ናይ መጻኢ ብድሆታት ንምግጣም እተካይዶ ዘላ ጻዕሪ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ልኡኽ ኤርትራ ብተወሳኺ፡ ንዝቐረበሉ ሕቶታት ምላሽ ሂቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣቦ-መንበር ኣፍሪቃዊ ኮሚተ ክኢላታት መሰላትን ድሕነትን ህጻናት፡ ኤርትራ ኣብ ምኽባርን ምዕቃብን መሰላት ህጻናትን ቁልዑን ዘመዝገበቶ ገስጋስ ብምምጓስ፡ ንልኡኽ ኤርትራ ስለ’ቲ ንጡፍን ሃናጽን ጽምዶኡ ኣመስጊኑ።

# ዓዲቐይሕ - ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ጎስጓስ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ዝዓለመ ጎስጓስ፡ ብ21 ሚያዝያ ንሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ግንባርን ካልኦት ማሕበራትን ተዋሂቡ።

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ነድሕን” ብዝብል ቴማ፡ ሕጽረት ደም ኣብ ሆስፒታላት ንምፍታሕ ሰፊሕ ወፍሪ ይካየድ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣብ’ቲ ን/ዞባ ኣቶ ኪሮስ ገብረማርያም ብወገኑ፡ ደም ምልጋስ ሂወት ምድሓን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብብእዋኑ ዝውደብ ጎስጓሳት ነዚ ንቕሓት’ዚ ንምስራጽ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ሓደጋ ወዘበ. ስለዝኾኑ፡ ዘድሊ ደም ዓቂቡካ ምጽናሕ ኣዝዩ ወሳኒ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ክሳተፎ ተማሕጺኑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም’ዚ ዓይነት ጎስጓሳት ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ጽንዓትና ዋሕስና ! ! صمودنا ... ضماننا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE !

# ባጽዕ - ኣገልግሎት ንቑ-ታን ጉዕዞን ኤርትራ፡ ንኣባላቱ ስልጠና ሂቡ



ኣገልግሎት ንቑ-ታን ጉዕዞን ኤርትራ፥ ብቐዳማይ ደረጃ ንቑ-ታ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ን9 ኣዋርሕ ዘሰልጠኖም ኣባላቱ፡ ብ19 ሚያዝያ ኣብ ባጽዕ ኣመረቑ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይ'ቲ ትካል ኣቶ ጴጥሮስ ርእሶም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና ብሓፈሻ ኣብ ንቑ-ታ ዘተኩረ'ኳ እንተነበረ፡ መባእታዊ ሞያ ምምራሕ ጃልባ፡ ሓፈሻዊ ቴክኒክን ካልኦት ተዛመድቲ ሞያታትን ዘጠቓለለ ምንባሩ ብምሕባር፡ ንሰልጠንቲ ኣብ ምዕዋት ናይ'ቲ መደብ እጃሞም ዘበርከቱ፣ ብፍላይ ድማ ንሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኣመስጊኑ።

ንቑ-ታ ኣዝዩ ሰፊሕ ዓውዲ ምዃኑ ዝጠቐሰ ግዝያዊ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኮሎኔል ኣሕመድ መሓመድ-ዓሊ ብወገኑ፥ ሰልጠንቲ ቀሲሞሞ ንዘለዉ ስልጠና ብስራሕን ቀጻሊ ጻዕርን ብምምዕባል፡ ሰፊሕ ጸጋታት ውሽጢ ባሕሪ ኤርትራ ኣብ ምድህሳስን ምጽናዕን እጃሞም ከበርክቱ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፥ ንሰልጠንትን ኣብ ትምህርቶም ጸብለል ንዝበሉን ወረቐት ምስክርን ሽልማትን ተዓዲሉ።

# ነበርቲ ዴዳ ወፈራታት ልምዓት የካይዱ ኣለዉ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ዴዳ - ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ እናወፈሩ ኣብ ምፍዋስ ማይ-ክዖን ምጽጋን ጽርግያን ዘተኩረ ንጥፈታት የሰላስሉ ኣለዉ።

እቲ ብበዓል-ሞያ ሕርሻ እናተመርሐ ኣብ ዓድታት ዴዳ፡ ሙብረድን ሰሰወን ዝካየድ ዘሎ ማእቶታዊ ስራሓት፡ ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬት፡ ከምኡ'ውን ጽገና ኣብ ማይ-ዓይኒ ናብ'ተን ዓድታት ዝኣቱ ጽርግያታት የጠቓልል።

እቲ ካብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ ብልዑል ህዝባዊ ሱታፌ ዝካየድ ዘሎ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ክራማት ቅድሚ ምእታዉ ንምዝዛሙ ብንጥፈት ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣቶ ሙብራህቶም በራኺ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዴዳ ኣቶ ረዘነ በርሀ ድማ፡ ዝበዝሓ ዓድታት ብበረኽቲ ጎቦታት ዝተኸበ ብምዃነን፡ ኣብ ግዜ ክራማት ናይ ሕርሻ መሬቶም ንፍግረ-መሬት ከምዝቃላዕ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ረብሓታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝግባእ ተረዲኡ ብተወፋይነት ዕማማቱ የሰላስል ከምዘሎ ኣብሪሁ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቁ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284


# ተሰነይ - እቶታውነት ሕርሻ ንምብራኽ ዝሕግዝ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ እቶታውነት ሕርሻ ንምብራኽ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ21 ሚያዝያ - ኣብ ክረምታውን መስኖኣውን ሕርሻ ንዝነጥፉ ሓረስቶት ተዋሂቡ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ወ/ሮ ለምለም ዘርኣይ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝናብ ቀልጢፉ ጀሚሩ ቀልጢፉ ስለዝቋረጸ እቶታውነት ሓረስቶት ብኣሉታ ከምእተጸልወ ብምጥቃስ፡ ነዚ ንምፍዋስ - ሓረስቶት ምስ ክኢላታት ሕርሻ ተሓባቢሮም እኹል ምድላዋት ክገብሩ ጸዊዓ።

ክኢላታት ሕርሻ ብወገኖም፡ ቅድሚ ክራማት ዝሰላሰል መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምልስላስን፡ ኣብ ምሁብታም ትሕዝቶ መሬት ልዑል ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ሓረስቶት ብዝለዓለ ክነጥፉሉ ኣዘኻኺሮም።

ጻህያይን ባልዓትን ኣብ ግዜኡ ብግቡእ ምስ ዘይእለዩ እቶታውነት ብኣሉታ ከምዝጽሎ ብምሕባር ድማ፡ ሓረስቶት ቀመማዊ ድኹዒ ኣብ ጥዕና ሰብ፡ ጥሪትን ኣከባብን ዘኸትሎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብግቡእ ተገንዚቦም ኣብ ባህርያዊ ድኹዒ ጸቒጦም ክሰርሑ፣ ከምኡ'ውን ኑቲ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕርን ካብ ጻህያይ ባሕሪ ዝዳሎ ዘሎ ባህርያዊ ድኹዒ ክዘውትሩ ተላብዮም።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት መሃንድስ ዳዊት ብርሃነ ብወገኑ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብግቡእ ምስ ዘሰላሰልን ሓረስቶት ብኣጋ ግቡእ ምድላዋት ምስ ዝገብሩን ምህርቲ ሕርሻ ከምዝዓቢ ብምግላጽ፡ እቶት ሕርሻ ንምዕባይ ሓረስቶት ብክኢላታት ንዝወሃቦም ትምህርቲ ኣብ ግብሪ ከውዕሉ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ እቲ ኣስተምህሮ ኣብ ስርሖም ሓጋዚ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ግራውቶም እኹል ምክትታል ብምግባር ውሑስ ምህርቲ ከቕርቡ ምዃኖም ሓቢሮም።



# ባጽዕ - ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ኣስተምህሮ ተወዲቡ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብ21 ሚያዝያ ኣብ ባጽዕ ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ኣስተምህሮ ሂቡ።

እቲ "ብድሆታት ሰራሕተኛታት ኣብ ህልው መድረኽ" ብዝብል ኣርእስቲ ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ታሪኽ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣብ ግዜ መግዛእቲ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ተራን ጽልዋን ውዳብ ሰራሕተኛታት ኣብ ፖለቲካውን ብረታውን ቃልሲ ዘተኩረ ነይሩ።

ምሕያል ውዳብ ሰራሕተኛታት፡ ኺ-ኺ ምዕባይ ኣፍራይነት፡ ኣብ ምብራኽ ፖለቲካዊ ንቕሓት ውልቀ-ሰብን ሕብረተሰብን ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ኣቶ እድሪስ፡ ንጡፍ ተሳትፎኦም ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሰራሕተኛ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን መዳያት ንቕድሚት ዝደፍእ ሕመረት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ምዕባለ ንምብጻሕ፡ ወሁድ ስራሕ ናይ ኩሎም ኣካላት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዓይነት ሰሚናራት ክድፋኣሉ ብምልባው፡ ፖለቲካዊ ንቕሓት ሰራሕተኛታት ንምብራኽ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ዘተኩረ መኻቓቕሒ ጽሑፋት ብሰፊሑ ክተኣታቶ ተላብዮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት ሓደ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብ18 ሚያዝያ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት እምኩሉ ወፈራ ጽሬት ተኻዒዱ።

ተስፋት ሓጐስ

# ቻይና፡ ካብ 'ፍወሳ ብነውጺ' ከመይ ኣምለጠት፧

ሳልሳይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት፡ ቻይና ምስ ዓለምለኻዊ ርእሰማልነት ብዘለ መዳይ ሓያል ወሃደት፡ ብዘለ መዳይ ግና ከሪላዊ ወሃደት ጥራይ ከምዝተፈደት ተመልኪቱ ነይሩ። ወጽኢቱ ድማ እወታዊ ቁጠባውን ማሕበራውን ዀነ ምኻኑ ቀሪቡ። እተን ብምዕራባውያን ትካላት ንዘተኣመመ ፍወሳ ብነውጺ ዘተግበራ ሃገራት ንኣብነት ሩስያ ግና ዝረኸባኦ ወጽኢት ምስ ናይ ቻይና ክነጻጸር እንተሎ ሕማቕ ወይ ትሑት ምኻኑ ተጠቒሱ። እቲ ምኽንያት እንታይ እዩ ንዝብል ሕቶ ንምምላሽ ኣዚዩ ወበር ኣብታ 'ነው ቻይና ኣስከይፕድ ሾክ ተራፒ' ትብል መጽሓፋ ዘስፈረቶ ትሕዝቶ ደሲዕና፡ ኣብ ክርሲ ናይዚ ጽሑፍ ንዚሎ ነጥብታት ዝምልከቱ መወከሲታትን ጥቕሲታትን ብዙሓት ብምኻናም ክእለዩ ከምዝተመርጹ ድማ ንሕብር።

## ተሳትፎ መንግስቲ ኣብ ዕዳጋ

"ምዕራባውያን ስቶቑጠበኛታት ቅቡል ዝወሰድዎ ግምት እንተዘልዩ ብዘይካ ግሪኻውያንን ሮማውያንን ዘምህብልዎ ንመጸናዕቲ ዝበቕዕ ጥንታዊ ስቶቑጠባዊ ክልሰሓሳባት ክሰዕ ሕጂ ዘይምህላው'ዩ። ታሪኽ ቻይና ንምርድኡ ኣጸጋሚ ካብ ዝዀነ ሓደ ድማ እዚ'ዩ።" ይብል ሁ ዝተባህለ ስቶቑጠበኛ። እቲ ሓቂ ግና ከምኡ ደዩ?

ኣብ ናይ ቻይና ልምዲ፡ ንቑጠባዊ ጉዳያት ዝምልከት መጽናዕቲ "ንግድ ሃብታም ዝገብር መጽናዕቲ" ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ ነይሩ። ብመንግስቲ ዝትግበር "ትኽክለኛ ኣተሓሕዛ" ዋጋታት ድማ ፍሉይ ቦታ ነበሩ። ዋጋ ኣብ ዘመናዊ ስቶቑጠብ ፍጻሜት ካብ ዝበሉ ቁጠባዊ መመልከቲ ሓደ'ዩ። ዕዳጋ ከኣ ንዕኡ ዝተሓዝኦ ቦታ። ናይ ቻይና ልምዲ ግና ብኣንጻሩ ንዋጋታት ዝምልከት ዘተ ኣብ መንነ ፍትው ንጥፈታት ሰቡ፡ ደሊትን ባህግን ሰቡ፡ ሓይልታት ዕዳጋ፡ ፖለቲካዊ ስልጣንን መንግስታዊ ቁጽጽርን ንዘጸብርቕ ሰፊሕ ዝምድናታት ዘጠቓልል ነበረ።

"ናይ ቻይና ወርቃዊ ናይ ባህሊ ዘመን" ተባሂሉ ዝፍለጽ እቲ ብዘመን ጽድያን ቀውዕን (772-476 ቅልክ) ከምኡ'ውን ዘመን ተዋጋእቲ መንግስታት (475-221 ቅልክ) ዝፍለጥ እዋን'ዩ። እቲ እዋን "ዓበልቲ ዝበዙ ኣመለኻኸትታት ዝተሃመሸሉን ሓያስቲ ኣተሓሳስባ ድማ ኻ ዘይጨብጨብሉ ፍሉይ እዋን ነበረ"። "ዘመን ኣማኢት ቤት ትምህርታት" ድማ ይበሃል ነበረ። ኣብ ክልሰሓሳብ መንግስቲ ተገዳስነት ኣብ ቁጠባ ዕዙዝ ኣድህቦ ዝረኸበሉ ከምኡ'ውን ቁጠባዊ ዕብየት ቀንዲ ጉዳይ ሜሊታት ውግእ ዝኾኑሉ ድማ ኣብ እዋን ተዋጋእቲ መንግስታት (ከተማታት) እዩ።

ብዘተፈላለየ መገዲ ክርእ እንተሎ መሰረት ናይ ቻይና ፍልስፍና ከምኡ'ውን እቲ ነዊሕ ዘቖጸረ ማሕበራዊ ቁጠባውን ፖለቲካውን ልምዲ ዝተሰፍረሉ ኣብቲ እዋን'ዩ። እዚ ግና እቲ እዋን ዝሃባ ደውታ ወይ'ውን ዀኣ ምንዩ ኣየመልክትን። እንተኾነ ኣብ ናይ ቻይና ምኣምርትን ትካላውነትን ሰረብዀኻዊ መገዲ ዝተረእየሉ ኣብቲ እዋን'ዩ። ኣብ መዳይ ቁጠባ ድማ እቲ ጓዋንዚ ተባሂሉ ዝፍለጥ ጽሑፍ እቲ ዝበለጸ ኣብርክቶ ናይዚ ጥንታዊ እዋን'ዩ። ጓዋንዚ ሓደ ካብ ጥንታውያ ጽሑፋት ቻይና ኮይኑ "እቲ ኣብ ዘመን ተዋጋእቲ መንግስታት ዝጸሑፉ ዝበለፀ ፖለቲካዊ ቁጠባ ኣዝዩ ዝወከለ ምኻኑ" ብዙሓት ወፍራት ይግልጹ።

ጓዋንዚ ኣሎዓዩም ብዘይፍለጥ ብዙሓት ጸሓፍቲ ምናልባት'ውን ብኡዳለውቲ መንግስታዊ ወጥንን ኣማኸርቲ ቁጠባን ከምዝተጻሕፈ ዝመልከቱ ታሪኻዊ ምርምራዊ ጽሑፋት ኣለው። መጽሓፍ ከምዝተጻሕፈ ብልክዕ ዘይፍለጥን ዘለራኸርን ጉዳይኳ እንተኾነ ድሕሪ ምውዳቕ ምዕራባዊ ዙ ከምኡ'ውን ቅድሚ'ቲ ንቻይና ዘስመረ ንግስነት ኪን (Qin) ምምጻኡ ኣብ ዝነበረ ዘይርጉእ ሃዋሁ ዝተጻሕፈ ብምኻኑ ግና ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ቀንዲ ወይ ኣማእዚ ሕቶ ድማ ናብ ሓደሽ ዓይነት ቁጠባ ኣብ ዝግበር ምኽሪ-ኽር ንዝኸሰት ለውጢ ከመይ ተመሓዲሩ ዝብል ነበረ። ዝጠዘሐ ክፋል ናይቲ ጽሑፍ ኣብ መንነ ናይ ግዝኣት ኩን መስፍን ሃን (Huan) ከምኡ'ውን ኣማኻሪኡ ገዋን ዞንግ (Guan Zhong) ብዝተገብረ ዘርርብ ዝቖመ'ዩ። ተራ ገዋን ዞንግ ድማ በቲ መስፍን ንዝቐረበሉ ኣዋጣሪ ሕቶታት ምምላስ'ዩ። ገዋን ዞንግ "ኣብ ጥንታዊ ቻይና ካብ ዝበዙ ፍሉጣትን ጸለውትን መራሕቲ ፖለቲከኛታት ሓደ ምኻኑ'ዩ" ይፍለጥ። እተም ጸሓፍቲ ድማ ንዝዘበርም ራኢ ኣብ ምቕልቃል ንግስነት ኩን ከምዝዘበረ ቁጠባዊ ፖለሲታት ገዋን ዞንግ ኣምሲሉም ዘሰፈርዎ'ዩ።

እተን ኣብ መንነ ምውዳቕ ምዕራባዊ ዙ ከምኡ'ውን ምጅማር ንግስነት ኩን ዝበራ ዓመታት ድማ "እዋን ቅልጡፍን ዓቢን ማሕበራዊ ለውጢ" ምንባረን ይግለጹ። ገለ ድማ "ክሳዕ 20 ዘመን ካብ ዝተራእየ ታሪኽ ቻይና መዋርግቲ ከምዝይብለን" ይገልጹወን። ከም ኣካል ናይቲ "ምውሓጥ ንእሽቶ ዓሳ ብዝዓበየ ዓሳ" ዝብል መስርሕ ዝርኣዩ ሓያስቲ ወተሃደራውን ቁጠባውን ሓይልታት ከኣ ተጋህዩ። ብኣማኢት ዝቝጸራ፡ ብሕርሻ ዝተዓደላ ዝበራ ናይ ከተማ መንግስታት፡ ኣብ ሽውዓተ ግዝኣታዊ መንግስታት ከምዝጸንበራ ተገብረ። እቲ መንግስታዊ ውድድር ከኣ ማሕበራውን ቁጠባውን እረማ ንኽቅላጠፍን ምእካል ዝኾነ በርክራሲያዊ ምሕደራ ንኽምዕበልን ደረኸ። መሰረት ወሃድ ቻይናዊ ኢምፔራጦርያ (ኢምፓየር) ዝኾና ከምኡ'ውን ንመንግስታዊ ኣመሓዳድራ ዘማእዘና ትካላት ድማ ቀስ ብቐስ ማዕበሉ። ኣብ ማእከል እተን መንግስታት ድማ ሓያል ንገስን በርክራስን ነበሩ። እቲ በርክራሲ ከኣ ብብቕዓቶም ወይ ብዓቅሞም ተመኪሮም ብዝተመርጹ ሰብኦት ዝምራሕን ዝቆየደን ነይሩ።

ማዕረ ማዕረ ናይቲ ዝምዕበል ዝነበረ ሓድሽ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ኣብ ምፍራይ (ፕሮዳክሽን) እውን መሰረታዊ ለውጢ ተገብረ። ብሕርሻ ዝናበራ ስድራቤታት መሰል ዋንነት መሬት ካብ መንግስቲ ተዋህበን። ስድራቤታዊ ሕርሻ ድማ መሰረታዊ ኣሃዱ ናይ ምፍራይ ኮነ። ዝ እቲ ኣብ ሓጺን ዝተገበረ ስውራ ምስ ተደመሮ ኣብ ሕርሻዊ ኣፍራይነት ዓቢ ምምሕያሽ ሰዓበ። እዚ ንብዕሉ ኣብተን ስድራቤታት ኢደጥበባዊ ዕዮ ከምዝዮሓበን ምቕሊት ዕዮ (ሞያውነት) ከምዝፍጠርን ገበረ።

እቲ ኣብ ምፍራይ ዝተገበረ ለውጢ፡ ኣብ ኣውዳዳባ ንግድ'ውን መሰረታዊ ለውጢ ከምዝስፋሕፍሕ ብምግባር ንዝምድና መንግስትን-ዕዳጋን ዝምልከት ሓደሽ ኣገባብ ክህሉ ኣድላዪ ምኻኑ ኣግሃደ። ኣብ እዋን ምዕራባዊ ዙ፡ ዕዳጋ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕን ቀጥታውን ቁጽጽር መንግስቲ'ዩ ነይሩ። መንግስቲ ከኣ እንታይ ዓይነት ኣቑሑ ንመሸጣ ናብ ዕዳጋ ይቐርብ ይቆጻጸር ነበረ። ኣቑሑ ዝሸጥሉ ቀዋሚ ዋጋታት ዝውስን 'ኀይታ ዋጋታት' (ፕራይስ ማስተር) ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ብዓልስልጣን መንግስቲ ነበረ። ኣብ ገጠራት፡ ኣብ ዝርከብ ዕዳጋታት ግና ዋጋታት ክብአለጠቐ ክብል (ክቀያየር) ፍቑድ ነበረ።

እተን ኣብ ምዕራባዊ ዙ ዝበራ ናይ ቁጽጽር ትካላት ምስ ወደቓን እቲ ናይ ምፍራይ ኣገባብ ምስ ተለወጠን ድማ ንናጻ ኣገባብ ንግድ ዘምዕዱ ሓደሽ ምሕጽንታ ተቐልቀለ። ምምሃዘ ሰልድን ምስፍሕፋሕ ባጤራን ብመንግስቲ ድማ ምስ ርሑቕ ከባቢ ንዝዖበር ንግድ ከምዝቀላጠፍ ገበረ። ንግድ ዓመረ። ሓደሽ ደርቢ ናይ ብሕታውያን ነጋዶ'ውን ኣስፋሕፊሖ። መሪሕነቲ ናይተን ተዋጋእቲ ከተማታት ድማ ነቲ ቁጠባ ምእንቲ ክቆጻጸርዎ ካብቲ ናይ ነጋዶ ደርቢ ሓገዝ ደለዩ። ጸሓፍቲ ጓዋንዚ ድማ ነቲ ታሪኻዊ ድሕረባይታ ኣብ ኣእምሮኦም ብምግባር ብመንግስቲ ዝተፈጥሩ ሓያስቲ ሓይልታት ዕዳጋ ዝምልመልሉ ፍሉይ እማመታት ኣስፊሩ። ሕመረት ናይ ፕሮግራሞም ከኣ ፈኩሱ-ረዚን ኣብ ዝብል መትከል ዝተሰረተ ናይ ዋጋ ቁጽጽር ነው።

## መትከላት "ፈኩስን-ረዚንን"

ኣብቲ ብእዋን ጽድያን ቀውዕን ዝፍለጥ ኣብ መንነ መንግስታት ሓያል ውድድር ዝነበሮ እዋን "ኩለን መስፍናውያን መንግስታት 'መንግስተን ከሎብትሙ ወተሃደራዊ ዓቕመን ድማ ኩሓይላ' ሃረርታ ነበረን"። ነቲ መንግስትን ወተሃደራዊ ዓቕምን ናይ ምሕያል ዕላማ ንምምላሽ ድማ መትከላት ፈኩስን-ረዚንን ማዕበሉ። እቲ መንቀሊ ሃገቢ ድማ ንሃገር ሃብታም ምግባር ዝብል'ዩ።

ኪንግ (Qing) ማለት "ፈኩስ" ሰዒቡ ድማ "ዘየገድስ"፡ "ዘይረብሕ" ወይ "ሕሱር" ዝብል ትርጉም ይሕዝ። ከም ግሲ ድማ ከም ናይ ሓደ ነገር ንእሽቶ ወይ ዘሮ ክብሪ ይትርጎም። ዞንግ (Zhong) ድማ "ረዚን" ሰዒቡ ድማ "ኣገዳሲ"፡ "ዕቱብ" ወይ "ክቡር" ይትርጎም። ከም ግሲ ከኣ ንሓደ ነገር ክብሪ ምሃብ ይትርጎም። እዝን መግለጺ ክወሃሃዳ እንተለዋ "ክብደት" የመልክታ።

በዚ መሰረት፡ እቲ መትከል ዝተዋህበ "ምምዛንን ምድላዋልን ሓይልታት ቁጠባ" ዝብል ትርጉም ከም ቀሎዕ ወይ ግቡእ ይቐጸር። ብመትከል 'ኪንግዞንግ' (qingzhong) ኩሉ ቁጠባዊ ክስተታት ክትርድኦ ዝከኣል ብዝተዋገደት ጥራይ እዩ። ነገራት ረዚንቲ ወይ ፈኩስቲ ዝኾኑ ምስ ካልኦት ነገራት ብምዝማድ ጥራይ እዩ። ረዚንቲ ዝበሃሉ ኣቑሑ፡ ኣብ ምፍራይ ወይ ኣብ ጸጋ ደቂሱብ ከም ኣገዳሲ ዝቖጸሩ ይኾኑ። ፈኩስቲ ዝበሃሉ ድማ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዳይ ኣጉዳሰት ከምዝይብሉም ዝቖጸሩ ይኾኑ። እቲ ንኣቑሑ ዝወሃብ ረዚን ወይ ፈኩስ ዝበሃል መግለጺ ዝቀያየርን ንግመታዊ ወቐቱ ኣገባብ ምፍራይ፡ ምልውዋጥ ዕዲጋን ካልእን ዘጸብርቖ'ዩ። ዕማም ናይ ቁጠባዊ ፖሊሲ ድማ ምምዛንን ምድላዋልን እዩ። እቲ ከም ረዚን ዝተሰልየ ድማ ንቲ ፈኩስ ንምድላዋል ይጠቅም። እቲ ከም "ረዚን" ዝተሰልየ ነቲ "ፈኩስ" ንኽርዝን እቲ ፈኩስ ድማ ነቲ ክቡር ንኽፈኩስ ይጠቅም። ዝበለጸ ብልዖሚ ስረት-እምነት "ረዚንን-ፈኩስን" ድማ እዚ'ዩ።

ስለዚ፡ መንግስቲ ኣንጻር ናይቶም ኣብ ቁጠባ ሕብረተሰብን ተፈጥሮኣዊ ኣካባብን ዝርከቡ ፍጉዋት ሓይልታት ክሰርሕ የብሉን። ኣብ ክንድኡ ነቶም ሓይልታት ፈለማ ህዝቢ ንምህብቲም ቀጺሉ ድማ ካብኡ ብዝረኸቦ እቶት ህዝቢ ንምምሕዳር ከጥቅመሉም ይግባእ። መንግስታዊ ቁጽጽር ድማ ኣብ ደቂቕ ፍልጠት ናይቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታትን ለውጥታትን ዝተመርኮሰ ክኸውን ይግባእ። ዚ ንምትግባር ድማ ኣብ ባይታ ንዘሎ ኩነታት ንምርዳእ ዘኽእል ሰፊሕ ዳህሳስ ከምኡ'ውን ስታቲስቲክስን ቅመራታትን ክካየድ ይምከር። ኣብ ዋጋታት ዝኽሰት ለውጢ ከምኡ'ውን ነቲ ለውጢ ንዝፈልጡ ከም ብዝሒ ህዝቢ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ክእለታት፡ ወቕታዊ ለውጥታትን ዞባዊ ፍሉይነትን ዝኣመሰሉ ረቛሕቲ ድማ ካብኡ ክርድኦ ይኽእል።

ንጹል ዋጋ ናይ ኣቑሑ ኣብ ምውሳን ከምኡ'ውን ንሃገራት "ረዚንቲ" ወይ ክቡራት፡ "ፈኩስቲ" ወይ ሕሱራት ኢልካ ኣብ ምውዛዕን ድማ ንገስ ክርድኦ ዝዋፃኦ ኣሎ። ነገራት፡ ክበዝሑ እንተለዉ ሕሱራት ይኾኑ፤ ክውሕዱ እንተለዉ ድማ ክቡራት ይኾኑ። ንገሱ ዚ ብምርዳእ ኣብ ሃገሩ ዝሎ ትርፍን ዋሕድን ኣቓልቦ ይገብረሉ፡ ሃብቱን ፍርያቱን ከኣ የመሓድር። እኽሊ ክሓስር እንተሎ ንገንዘብ ብምግባ ይልውጦ። ንተዛማዲ ክብሪ ናይ ነገራት ኣቓልቦ ብምሃብ ድማ ርግኣት ናይ ዋጋታት ንኽህሉ የመሓድር። ስለዚ፡ ክቡርን ሕሱርን ብኸመይ ክሰዩ እንተለዉ እቲ ንገስ ከኣ እቶት ይረክብ።

ብዘመናዊ ቋንቋ፡ እዚ መትከል ዋጋ ናይ ኣቕሓ ብናይ ዋሕዱ መጠን ከምዝውሰን ዝገልጽ ምኻኑ'ዩ። እንተኾነ ዋጋታት ብኻልእ ተወሳኺ መትከል'ውን ይጽለው ነበሩ። ኣቑሑ፡ ኣብ ሓደ እንተተኣከቡም "ረዚንቲ" ይኾኑ፣ ፋሕ እንተኢሎም ድማ "ፈኩስቲ" ይኾኑ ብዝብል መትከል። እዚ ከኣ ትካላዊ ቅርጺ ናይ ኣቕረብቲ ዋጋታት ካብ ዝውስኑ ረቛሕቲ ሓደ ምኻኑ የመልክት። ኣቑሑ፡ ኣብ ኣድ ወሓሉዋት እንተዝሓልዩም ወይ ብወሓሉዋት እንተተባሒቶም (ሞኖፖላይዝ ኮይናም) ክቡራት ይኾኑ። ብዙሓት ኣቕረብቲ ተመሳሲሊ ኣቑሑ እንተኣቕሪቦም ግና ሕሱራት ይኾኑ። ብኻልእ ኣበሃህላ ዋሕዲ (ስኬርሲቲ) ብዝሕ ንዕዳጋ ዝቐርብ ኣዛዚ ዓቕን ኣቑሑ ጥራይ ዘይኮነ ብዝሕ ዝሮግሐ ናይ ኣቑሑ ብምጃር ኣቕረብቶም'ውን ከምዝኸስተ'ዩ። ኣቑሑ፡ ኣብ ኢድ ወሓሉዋት እንተዝሓልዩም እዮም ዚ ቀረብ ዝቆጻጸሩ ዝተፈብረኸ ዋሕዲ ብምፍጣር ልዑል ዋጋታት የኽፍሉ። ቀረብ ብምብዛሕ ዋጋታት ምውሳን ዝብል ኣምር ከኣ ኣብ ጓዋንዚ እትው ነበረ።

ካልእ ንዋጋታት ከምዝጸልዉ ዝተገለጸ ድማ ክኽዕዙ (ሆርድ ክየብሩ) ዝኽእሉ ኣቑሑ "ረዚንቲ" ከምዝኾኑ፡ ክኽዕዙ ኣይክእሉን ዘይክኣሉ ድማ ብኣንጻሩ "ፈኩስቲ" ከምዝኾኑ'ዩ። ክኩላቱ ዝኽእሉ ኣቑሑ "ረዚንቲ" ክኩላቱ ዘይክእሉ እንተኾይኖም ድማ "ፈኩስቲ" ይኾኑ። እዚ መትከል ዝቖምቶ ድማ ኪኖ ቀጥታዊ ሃልኪ ከም መጸንሒ ናይ ሃብቲ ወይ ካልእ ክብሪ ዝረኣዩ ኣቑሑ፡ ጠለቦም ክየቢ እንተሎ ዋጋኦም ከምዝወሰኸ'ዩ። ነዚም ኣቑሑ ንምውናን ጉያ-ጉያ ምስ ዝሃሉ ድማ እየም ኣቑሑ ካብ ዕዳጋ ከምዝእለዩ ብኡኡ ድማ ዋሕዲ ከምዝፍጠርን ዋጋኦም ክቡር ከምዝኸውንን እዩ።


ካልእ ንዋጋታት ከምዝጽለዉ ዝተገልጸ ድማ መንግስታዊ ቀረጽን ግብርን እዩ። መንግስቲ ብዝተወሰነ ዓይነት ኣቑሑ ግብሪ ናይ ምኽፋል ህጹጽ ኣዋጅ ምስ ዝወጽእ እተም ዝተጠቕሱ ኣቑሑ "ረዚንቲ" ይኾኑ። እቲ ኣዋጅ ቀስ ኢሉ ዝትግበር ምስ ዝኸውን ግና እቶም ኣቑሑ "ፈኩስቲ" ይኾኑ። ናይ ጓዋንዚ ጸሓፍቲ ንዋጋታትን ግብርን ከዘምድዎም እንተለዉ ከምውሽ ረቛሒ ዝረኣዩዎ ግዜ'ዩ።

ኩሉ እዚ ዝተጠቕሰ መትከላት፡ ነቲ ተዛማዲ ዋጋ ኣብ ቀረብን ጠለብን ይምርኮስ ዝብል ሓሳብ ዘራጉድ'ዩ። እንተኾነ መትከላት ጓዋንዚ ካብቲ ብስቶቑጠበኛታት ዝወሃብ መግለጺ ይፍለ'ዩ። ዘመናዊ ሓደሽ ክላሲካውያን ኣድህቦኦም ኣብ ምምዕርራይ ቀረብን ጠለብን እዩ። ጓዋንዚ ግና ምኽንያት ናይቲ ኣብ ዋጋታት ዝርአ ምልውዋጥ እዩ ዝፍትሽ። እቲ ወሳኒ ነጥቢ ድማ ኩሉ እቲ ዋጋታት ዝውስኑ ኩነታት ተቐያያርን ኣብ ጭብጥ ኩነት ዝምርኮሱን ምኻኑ'ዩ። ነገራት ንበይኖም "ረዚንቲ" ወይ "ፈኩስቲ" ኣይኮኑን እዮም። እቲ ዝወስኖም ደረጃ ምስ ኩነታት ዝቀያየር'ዩ። ስለዚ፡ እቲ ናይ ምምራሕ ጥበብ ተዓጻጻፍነት ዝምርኮስ ይኸውን።

ኣብቲ ብሕርሻ ዝዕብለ ሰፊሕ ሕብረተሰብ ቻይና፡ መሬት ክትህቦ ትኽእል ዝለዓለ ምህርቲ ምርካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ቀንዲ ምንጪ ሃብቲ ድማ ጉልበት-ሰብን መሬትን ነሩ። ፅንጋሎ ናይ ህዝቢ ኣብ እኽሊ ስለዝምርኮስ መሬት ኣዝዩ መሰረታዊ ኣቕሓ ይቑጸር ነበረ። ብኣገላልጻ ጓዋንዚ፡ "ሰብ ብዘይ እኽሊ ክበልዕ ኣይክእልን'ዩ። እኽሊ ከኣ ብዘይ መሬት ክፈሪ ኣይክእልን'ዩ። መሬት ብዘይ ሰብ ክዕየ ኣይክእልን'ዩ። ሰብ ከኣ ብዘይ ጉልበት ክሃብትም ኣይክእልን'ዩ።" እኽሊ ቀንዲ መግለጺ ሃብቲ ብምኻኑ ምስ ካልኦት ኣቑሑ ክዛመድ እንተሎ ኣዝዩ ወሳኒ ቦታ ይሕዝ። ዋጋ ናይ ኩሉ ኣቑሑ እንተላይ ናይ ገንዘብ ዝውሰን ድማ ብእኽሊ'ዩ። እኽሊ ክኸብር እንተሎ ኩሉ ካልእ ኣቑሑ ይሓስር። እኽሊ ክሓስር እንተሎ ድማ ኩሉ ካልእ ኣቑሑ ይኸብር። እኽሊ ክኸብር እንተሎ ብዘይካ ንሓረስቶት ንኻልእ ህዝቢ ይጸልእ። ክሓስር እንተሎ ድማ ንሓረስቶት ይጸልእ። እቲ ዋጋ ኣዝዩ ልዑል ወይ'ውን ሕሱር ይኹን ብዘየገድስ እቲ ጸላዊ ሓደን ተመሳሳልን እዩ።

ምምዕርራይ ዋጋ እኽሊ ድማ ሕመረት ናይ "ጥበብ ወጥን ፈስቶላዊ ምሕደራ" ይኸውን። እዚ ከኣ ርግኣትን ብልጽግናን ንምርግጋጽ ዘድሊ ጥበብ መንግስቲ'ዩ።

ይቕጽል



ባና ትምህርቲ

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ዓምዲ

ኣሮን ተኽለ

## ብሂላት

* ሓደ ሰብ ሕጉስ ዘይኮነሉ ምኽንያት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለዝጽበይ'ዩ።
* ንነብስኻ እመናን ፍተዋን፡ ካባኻ ንላዕሊ ንነብስኻ ዝፈትወልካ ሰብ ስለዘየለ።
*ሓደ ሰብ "ኣነ ሓራቕ'የ" ክብል ከሎ፡ ሓራቕ ኮይኑ ዘይኮነስ ሓራቕ ንክኸውን ስለዝመረጸ ጥራይ'ዩ። ንኻልኦት ጠባያት'ውን ከምኡ።
* ንኽልተ ነገራት ጽላእ ፦ ሕማቕ ጠባይን ወልፍን።
* ንሰለስተ ነገራት ሓሉ ፦ ኣደ፡ ሃገር፡ ዓይኒ።
* ንሰለስተ ነገራት ተዳሎ ፦ ፍልጠት፡ ሓዳር፡ ሓላፍነት።
* ንሰለስተ ነገራት ክትቆጻጸሮም ፈትን ፦ ስምዒት፡ ወልፊ፡ ቊጥዐ።

## ሕንቅል ሕንቅሊተይ....

1. ዝሃብካዮ ዝበልዕ ማይ እንተስቲኻዮ ግን ዝመውት፧
2. ሰብ ዝፈረሱ ምራን ዝልጓሙ፧

## ጥቕስታት

* መንእሰይ እምነ መሰረት ሃገር'ዩ።
**ድዮ ጅምስ**
*ትምህርቲ ብመሰረቱ መሪር'ኳ እንተኾነ፡ ፍረኡ ግን ምቁር'ዩ።
**ኣሪስቶትል**
* ምንባብ ምሉእ ሰብ፡ ኣኼባ ንእሽቶ ሰብ፡ ምጽሓፍ ከኣ ሓቀኛ ሰብ ይገብረካ።
**ዘይተፈልጠ**
* ናይ ብሓቂ ዓወት ዝበሃል ኣብ'ቲ ንስኻ እተድምዓሉ ስራሕ ምስራሕ'ዩ።
**ዴቪድ ማኩላ**
* ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብርቂ'ያ። ደጊም ስለዘይትምለስ ተጠቐመላ።
ሓድሽ ነገር ንኽትመሃርን ፍሉይ ቁምነገር ንኸተፍርየላን ጸዓር።
**ኤቨሊን ግለኒ**
* ውድቀት ማለት፡ ስራሕና ብጥበብ እንጅምረሉ ዕድል'ዩ።
**ሀንሪ ፍረድ**

**ላዛ ህጻናት**

**ዘይተጻመዱ ኣራዊት** ብንያም ገብረኪዳን

● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ●

ብርቱዓት ዓሌት ናይ ነብሪ ዘለዎም ክልተ ኣራዊት ነበሩ። እዞም ኣራዊት ንሓደ ሰብ ክበልዑ ክብሉ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ደማዊ ባእሲ ፈጠሩ። ዘሞ ዝበሃል ሃዳናይ ናብኦም ገጹ እናቐረበ ብትኹረት ይከታተሎም ነበረ። ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ድማ ንኽልቲኦም ክቐትሎም ወሰነ።

ዘሞ ነቲ ኣብ ዕላማ ናይዞም ኣራዊት ኣትዩ ዝነበረ ግዳይ ከምዚ በሎ፥

"ትርእዮም ኣለኻ ነዞም ኣራዊት... ብጃካ ንዕኦም ጥዑም ምሳሕ ምኻን፡ ደቂ ሰብ ኣብ ቅድሚኦም ዋጋ የብልናን። ዝገርም'ዩ ንዓኻ ሓደ ሰብ ክበልዑ ክብሉ ብጭካነ ነንሓድሕዶም ይመናጨቱ ኣለዉ። ምናልባሽ እቲ ዝሓመቐ እንተተሰኒፉ፡ ቀሲሉ ክሳብ ሞት ክበጽሕ'ዩ። እቲ ሓያል ድማ ብተመሳሳሊ ቀሲሉ ክደሚ'ዩ።"

እቲ ግዳይ መጥቃዕቶም ክኸውን ዝሓሰብዎ ሰብ፥

"ግርም ኣለኻ ሕጂ ብኸመይ ከምልጥ እኽእል፧" በሎ ብሓደ ዓቢ ደንጎላ ተሓቢኡ።

"ካብ ነብሪ ከተምልጥ ዘይሕሰብ'ዩ። ዋላ ኣብ ገረብ ተሰቒልካ ኣይሓድገካን እዩ።" መለሰ ዘሞ።

ቀጺሉ፡

" ኣጸቢቕካ ርኣየኒ... ኣነ ወላ ሓደ ነብሪ ክቐትል ዓቕሚ የብለይን። እንተኾነ ሕጂ ግን ነዚ ዕዉት ቀሲሉን ደምዩን ዘሎ ነብሪ ክቐትሎ'የ።" ብምባል፡ በቲ ሒዝዎ ዝነበረ ዋልታን ጭማራን ነቲ ካብቲ ቅልስ ሓዪሉ ዝወጸ ነብሪ ርእሱ ዘበጦ። እቲ ነብሪ ድማ ምስቲ ደኺምዎን ቀሲልዎን ዝነበረ ብኡንብኡ ቀልጢፉ ትንፋሱ ሓለፈ። እቲ ግዳይ ክኸውን ዝተሓሰበ፡ ካብቲ ተሸጕጥዎ ዝነበረ ከውሊ በሎኽ ኢሉ ወጸ። ከረጋግጽ ድማ ናብቲ ወዲቑ ዝነበረ ነብሪን ናብ ዘሞን ገጹ አቋመተ። ዘሞ ድማ ፍሽኽ እናበለ ከምዚ በሎ፦ "እዚ ተግባር'ዚ ከም ንኽልተ ኣዕዋፍ ብሓንቲ እምኒ ምቕታል'ዩ" ኵርዕርዕ እናበለ ተዛረበ።

መልእኽቲ - እንተዘይሓቢርካ ግዳይ ጸላኢ ትኸውንን ብቐሊሉ ትወድቕን።

ኣሕዋት ምስ ዝበኣሱ ንጸላኢ ፈቓቕ ገዲፎም ይጥቅዑን ይጠፍኡን።

● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ●

## መዝገበ ቓላት

ኣማኒኤል በርሀ

ለጋዕ - መላእ፡ ጥንስቲ (ንጥሪት) ዓያ

ጭኳሮ - ንእሽቶ መኹዓቲ

ሕመት - ፈሓም

ጽግድም - ሊላ፡ ራውያ፡

ዛር - ቆለ፡ ውቃበ

ሓሬት - ዘይጸረየ ማይ

◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇ ◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇

## ካብ "ሀ" ናብ "ለ"ኣዛምድ

| | |
|---|---|
| 1.ዓበቕ | ሀ) ፈሳሲ ናብ ድሩቕ ምቕያር |
| 2. በረድ | ለ) ዘይክዳንካ ምኽዳን |
| 3.ዓቃቢቶ | ሐ) ካብ ፈሳሲ ናብ ጋዝ ምቕያር |
| 4. እዝኒ | መ) ውጥም ዝበለ በሊሕ ስኒ |
| 5. ሃፋ | ረ) ደርፌ መስምዒ |

## ጽልዋ ሞባይል ኣብ ተመሃሮ



ብዙሓት ተመሃሮ፡ ዝበዝሕ ግዜኦም ኣብ ተለቪዥን፡ ሞባይል፡ ታብለት፡ ላፕቶፕን ካልእ መራኸቢ ብዙሃንን እዮም ዘሕልፍዎ ዘለዉ። እዚ ከኣ ኣብ ትምህርቶምን ውልቃዊ ኣእምራዊ ዕብየቶምን ጽልዋ ዘየምጽኣሎም ማለት ኣይኮነን።

ናይ'ዚ ጽልዋ ከኣ ኣብ ምትሓት ነጥቦም፡ ዕዮታት ምስራሕ፡ ኮታስ ዝኾነ ትምህርታዊ ንጥፈታት፡ ኣገዳሲ ከምዘወርድ ገይሩዎ ኣሎ። መጻናዕትታት ከምዘሕብርዎ፡ ዋላ ሓደ ወይ ክልተ ሰዓት መዓልታዊ ተለቪዥን ምዕዛብ፡ ኣብ ንተመሃሮ፡ ዓቢ ጸገም ኣብ ትምህርቶም፡ ኣፍልጦኦምን ንቕሓቶምን ዓቢ ዕንወት የስዕበሎም ኣሎ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ዕቤር ሃብቲ ናይ ትምህርትን ናይ ምንባብ ባህልን ዓቢ ሃስያ የምጽኣሎም ኣሎ። ዝበዝሑ ተመሃሮ፡ ግዜኦም ኣብ ክንዲ ኣብ መጽናዕቲን ምንባብ መጽሓፍትን ዘጥፍእዎ፡ ኣብ ፊልምታት፡ ደርፊ፡ ኮሜዲ ምርኣይ የጥፍእዎ ኣለዉ። እዚ ወልፊ ከኣ ናይ ምንባብን መጽሓፍ ምግንዛብን ባህሊ ቐስ ብቐስ እናጸልእዎን ቐጨውጨው እናበሎም ይኸይድ ኣሎ።

ናይዚ ወጽኢት ከኣ ኣብ ትምርቶም ዘይምግዳስ፡ ምትራፍ፡ ምጽላእን ዓቕሊ ምጽባብን የስዕበሎም። ከምዚ ንዕዞ ዘለና ከኣ ወጽኢት ተመሃሮ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናንቆልቆለ፡ ቤት-ትምህርቲ እናጸልእዎ፡ ይኸዱ ኣለዉ። እዚ ክንብል ከለና ግን፡ ጽቡቕ መደባት ዘዳልዋ ፈነወ ተለቪዥን የለዋን ማለት ኣይኮነን። ብፍላይ ንህጻናት፡ መጻኢታን ማእከላይን ዘለዉ ተመሃሮ፡ ሓጊዚ ዝኾነ መደባት ዘምህር መደባት'ውን ኣሎ።

ይኹን እምበር መጽናዕቲ ከም ዘሕብርዎ፡ ኣብ ፊልሞቲ ሓደት ዓመታት ንህጻን ናብ መራኸቢ ብዙሃን ወይ ተንቀሳቓሲ ቪድዮታት ምቕላዕ ኣብ ኣእምሮኣዊ ምዕባሌኡ (cognitive development) የዳኽሞ ምኻኑ ይሕብሩ። ካርቱን ናይ ቆልዑ መደባት ተለቪዥን ዝርእዩ ትሕቲ 5 ዓመት ቆልዑ፡ ናይ ምዝራብ፡ ምንባብን ምጽሓፍን ክእለት ዝተሓተ እዩ።

### ሓበሬታ

ዝኸበርኩም ተኸታተልትና፡
ክትሳተፉን ርእይቶኹም
ክትህቡናን ብኽብሪ ንዕድም።
ኣድራሻና- ሚኒስትሪ ትምህርቲ፦
ክ/ትም/ንዓበይትን ሚድያን-
ተሌፎን 114991
Po.Box- 609 lay-out
Abiel menghis

# ዝኽሪ ሚያዝያ

## ረፈረንዱም፡ ንሕጋዊ መሰል ናጽነት ኤርትራ ዕላዊ ዝገበረ ዕዙዝ ፍጻመ

(2ይ ክፋል)

ህዝቢ ኤርትራ ናብቲ ኣብ ሚያዝያ 1993 ዝተኻየደ ልኡላውነቱ ብዕሊ ዘረጋገጸሉ ህዝባዊ ረፈረንዱም ንምብጻሕ ዝሓለፎ ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝኽኻር ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝበል ኣርእስቲ፡ ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ከምዝቖመት ተመልኪትና። እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ህንጸት ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒትን ኣብ ምፍጣርን ምዕኳኸን ዝተጻወቶ ግደ እውን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

### ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ

ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ኣመራርሓ ብዓለም ደረጃ ዝሓየለት ሃገር ኮይና ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብቲ ኩናት ዝተዓወታ፡ ሃገራት ሓይልታት ኪዳን (እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ማሰረታ።

ምስ ምቛም ናይዚ ውድብ'ዚ፡ መግዛእቲ ኣብቂዑ፡ ግዙኣት ህዝብታት ናጽነቶም ክወስዱ ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ናጽነተን ክጓናጸፋ ጀመራ። ህዝቢ ኤርትራ ግና ን10 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ጸኒሑ፡ ድሕሪኡ ዕድሉ ክውሰን ተባህለ። ብሪጣንያ ንኤርትራ ኣብ መንጎ ግዝኣታ ዝነበረት ሱዳንን ኢትዮጵያን መቐቒላ ክተሕቅቓ ሕቡእ ድሌትን ዕላማን ስለዝነበራ፡ ኣብቲ ብምግዛእትኻ ንኤርትራ ዘመሓደረትሉ 10 ዓመታት፡ ኢጣልያ ዝሃነጾቶ ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጺታትን ቁጠባዊ ትካላትን ኣብ ምዕናው'ያ ተዋፊራ።

እዚ ዝገበረትሉ ምኽንያት፡ "ኤርትራ ብቑጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን'ያ፡ ስለዚ ድማ ሃገር ክትከውን ብቑዕቲ ኣይኮነትን" ብዝብል ምኽንያት ናይ ተቐሰም (ምምቃል) ውጥና ንምትግባር እዩ። ኣመራርሓ ብወገኑ፡ ኣገልጋሊት ዞባዊ ስትራተጂኣ ክትከውን ዝሓረየታ ኢትዮጵያ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ትደሊ ብምንባራ ክልቲአን ርእሰ ሓያላን ኾናተን መደብ ንምዕዋት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ገበራኦ። ተጻብኦ ኣመራርሓን መሻርኽታን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብቲ ግዜ'ቲ እዩ ዝጀመረ። ሃገርነት ኤርትራ ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ ዝተወሰደ ቀዳማይ ስጉምቲ ድማ፡ ምዕናው ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ነበረ።

ኢጣልያ፡ ንናታ መግዛእታዊ ዕላማታት፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺን ኢንዱስትሪታትን ኤርትራ ብጠልያናት ለረ ዝኾመን ገዚፍ ወፍሪ እያ ኣፍሲሳ። በዚ ድማ፡ ቁጠባ ኤርትራ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ምስ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ብምንጽጻር፡ ናብ ዘመናዊ ርእሰማላዊ ቁጠባ ዘሰጋግር መሰረት ሒዙ ነበረ። ባጽዕ "ሉል ቀይሕ ባሕሪ" እናተባህለት እትጽዋዕ፡ በቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብዚ ዞባ ዝማዕበለት ወደብ እያ ዝነበረት። ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ቀዳማይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከኣ፡ ኣገልግሎት ወደባት ኤርትራ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ምውራድ ነበረ። እዚ ከኣ ንምትግባር፦

- ዓበይቲ ክሬናትን 500 ዝሽውን ኣጋንእ ኑዱዲን ካብ ወደብ ባጽዕ ተቐቲሎ፡ ናብ ግብጺን ማልታን ካልኦት ሃገራትን ተሸጡ፡ ተንሳፋፊ መዕርፎ መራኽብ ምስ ክሬናቱን ንመጸገኒ መራኽብ ዘገልግል መሳርሒታቱን ንፓኪስታን ተሸጡ።

- ንልዕለዎት መኮዓንት ኢጣልያ ዝተሰርሐ 400 ዝሽውን ናይ ምኾት ግዝውቲ ብምሉኡ ከምዝፍርስ ተገብረ። ሰራንዳታቱን መጻጽታቱን መሳኸቱን ተሎቑጁ ተወሲዱ።

- 1000 ሰባት ዘኣንግድ መንበሪ ባሕረኛታት ብዘይ ኣሰር ከምዝፍርስ ተገብረ።

- መጻልታዊ 1000 ቶን ስሚንቶ ዘፍሪ ዝነበረ ፋብሪካ ተቐቲሉ ናብ ሱዳን ተወሲዱ።

- ናይ ፖታሽ ፋብሪካ ተፈንጢሑ መሳርሒታቱ ናብ ዝተፈላለዩ ዓደግቲ ተሸጡ።

- 20 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ኣብ ኣስመራ፡ ጉራዕ፡ ጊንዳዕ፡ ማይሓብር ዝነበረ ዓበይቲ መኻዝኖታት ተቐቲሉ ተዘምቲ።

- ኣብ ናኹራ ተተኺሉ ዝነበረ መፍሓሪ ኑዱዲ ተማሒዩ ተወሲዱ።

- ካብ ኣቑርደት ንጎንደር መገዲ ባቡር ንምዝርጋሕ ዝተቐረበ ሓዲዳትን ካልእ መሳርሒታትን ብ300 ባኮታት ተጻዒኑ ተወሲዱ።

- ኣስመራ-ባጽዕ ዘራኽብ ኣብ ዓለምና ዝነውሐ ተሊፈሪካ ምስቲ ዘንቀሳቕሶ ዓቢ ሞተር፡ ናብ እስራኤል ተሸጠ። ገመዳቱን ኣዕኑዳትን ተቐቲሉን ተማሒዩን ተወሲዱ።

- ኣብ ወደብ ዓሰብ'ውን ተመሳሳሊ ዝምታ ስለዝተፈጸመ፡ ዓቕሚ ናይቲ ወደብ ብሰለስተ ርብዒ ጎደለ፣

- ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራን ባጽዕን ዝነበረ ብዓይነቱ መሳርሒታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ተዘምተ።

- ናይ ሆስፒታል መሳርሒታትን ኣየር-ኮንዲሽንን ከይተረፈ ተቐቲሉ ናብ ስዑዲ ዓረብ ተሸጠ።

- ዝተረፈ ደቀቕቲ ንብረት ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ሓጻውን፡ መሳርሒታት ህንጻ፡ ጀነረይተራት ወዘተ. ንውልቀሰባት ተሸጡ።

እዚ ከም ኣብነት ዝቐረበ እዩ። እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ። ሽዑ ዝተዘምተን ዝዓነወን ብዓይነቱ ዘመናዊ ንብረትን መሳርሒታትን ብገንዘብ ናይቲ ግዜ'ቲ ኣሽታት 100 ሚልዮን ፓውንድ እንግሊዝ ይትመን።

መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ገዚፍ ዕንወት ክፍጽም እንከሎ፡ ብእወታ ዝጥቀስ ዘምጽኦ ንእሽቶ ለውጢ ነይሩ እዩ። ንሱ ድማ ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ ዝነበረ ብኢጣልያ ዝተመስረተ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ከምዝበጽሕ ምግባሩ፡ ናይ ጽሑፍን ዜናን ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ማሕበራትን ናይ ምቛም መሰል ምፍቃዱ ብእወታ ዝግለጽ እዩ። እንተኾነ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ እዚ መሰል'ዚ፡ ብመግዛእቲ ኢጣልያ ተዳኺሙ ዝነበረ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ቀስቂሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕዱ ከምዘይሰማማዕ ብምግባር፡ ንኤርትራ ናይ ምምቃል ዕላማኡ ንምስላጥ እዩ ክጥቀመሉ ፈቲኑ። ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ እዚ መሰል'ዚ ስለዘተዋህቦ ጥራይ ብሰላትን ሓያላትን ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክፈጥር ብቕዓት ኣይነበሮን።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብሪጣንያን ጉዳኢቲ ኢትዮጵያን ብስውር መገዲ ሽፍትነት ብምትብባዕ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ዘይብሉ፡ ንሃገርነት ዘይብቅዕ ህዝቢ ምዃኑ ንምእማን ይጽዕሩ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ድንብልቕልቕ እዋን ድማ እዩ እቲ ፖለቲካዊ ተሞኩሮ ዘይነበሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጻኢ ዕድሉ ናይ ምውሳን ታሪኻዊ ብድሆ ዝገጠሞ። ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበረ ብድሆታት ግን 10 ዓመታት ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ፖለቲካዊን ባህላዊን ህይወት ኤርትራውያን ሓደሽቲ ምዕባለታት ምኽሳቱ ኣይተረፈን።

ምውጋን ግዝኣታት ኢጣልያ ሓላፍነት ሕቡራት ሃገራት እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ውሳነ ናይቲ ውድብ ዓቢ ተራ ዝነበራ ኣመሪካ እያ። ናይቲ ግዜ'ቲ ምስጢራውያን ሰነዳት ከምዘረጋግጽዎ፡ ኣመሪካ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝተዛዘመሉ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ቁጽጽራ እተደልድለሉ፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ርሑቕ ምብራቕን ምስ ዝነበረ መደበራት ብቐሊሉ እትራኸበሉ ቦታ ትደሊ ብምንባራ፡ ንኮማዊ ባሕርን ከበሳታትን ኤርትራ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ነበረት። ስለዚ ድማ፡ ንምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ናብታ ግዝኣት እንግሊዝ ዝነበረት ሱዳን ጸንቢራ ንከበሳን ገማግም ባሕርን ኤርትራ ንብዓል ኪዳና ሃጸይ ሃይለስላሰ ሂባ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ክተእትዎ ዝተወደአ ውጥን ነበራ። ምምቃል ኤርትራ ሓያል ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ገጠሞ ግና ኣመሪካ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ከልኪላ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት መግዛእቲ፡ ብ1952 ብስም ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከምዝቖራረን ብምግባር ናብ ካልእ ባርነት ኣእተወቶ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሆየሆየታ ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት፡ ዙተ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኤርትራን ምምጻእ ልኡኻት ናይቲ ውድብን ፖለቲካዊ ተዋስኦ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ብዝኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢኡ ክውሰን ክፉት ዕድል ኣይተዋህቦን። ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከኣ፡ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበረን። ኑዩም ኤርትራ ብታሪኽን ባህልን ኣካልና'ያ ኢሎም ዝምጉቱ ዝነበሩ ጉዳኢቲ ኢትዮጵያ'ውን እንተኾኑ ፌደረሽን ምሉእ ዓወት ኣይነበረን።

### ጎበጣን ምጅማር ብረታዊ ቃልስን

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ታሕሳስ 1950 ብብዩን 390 A(V) ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቀረን ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብዚ ዝቐጸለ 10 ዓመታት ፌደራላዊ ሕብረት (1952-1962)፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፌደረሽን ምርጫኡ እኳ እንተዘይነበረ፡ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሉ፡ ንሕግታት ፌደረሽን ኣኽቢሩ ምስ ጉዳኢቲ ኢትዮጵያ ብቕሉዕ መገዲ ክዋሳእ ፈቲኑ እዩ። ብኣንጻሩ ኤርትራ ግዝኣቱ ምኻና ክጸድቀሉ ዝጠልብ ዝነበረ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ውሳነ ፌደረሽን ስለዘየዕገቦ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ፌደረሽን ትርጉም ኣልቦ ክገብሮ እዩ መዲቡ። በዚ ድማ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ሰራዊቱ ኣብ ኤርትራ ከሰፍር፡ ንህዝቢ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰላት ክኸልክል፡ ሰልጣን መንግስቲ ኤርትራ ክሽርሞም፡ ትካላት ፍትሒ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእቱ፡ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ክዝምት፡ ቁጠባዊ ትካላት ኤርትራ ክሰሩ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ንቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ተኪኡ ወግዓዊ ቋንቋ ናይ ኤርትራ ከምዝኸውን ብምግባር፡ ጥንዲራ ኤርትራ ደርብዩ ብጥንዲራ ኢትዮጵያ ተክኣ።

ሃጸይ ሃይለስላሰ እዚ ኩሉ ክገብር እንከሎ ምትብባዕ ኣመሪካ ኣይተፈልየን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ክሳብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥራዕ፡ ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ንግሀስት ፌደረሽን እንተ ተቓወሞ እኳ፡ ሰሚዒ እዚ ኣይረኸበን። ኣብ ከተማታት ኤርትራ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፍታት ድማ ብሓይሊ ብረት ተደቚሱ። እዚ ቅሉዕ ግህሰትን ሰቕታ ማሕበረሰብ ዓለምን ከኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካልእ ኣማራጺታት ክጥምት ደረኾ።

ኣብ መወዳእታ 50ታት ንገበጣ ኢትዮጵያ ዝቃወም ንሓርነት ኤርትራ ክቃለስ ዘንቀደ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ወይ ማሕበር ሸውዓተ ዝተሰምየ ምስጢራዊ ውድብ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብዘርከቡ ኤርትራውያን ተመስረተ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ድማ ኣብ ወጻኢ፡ ብፍላይ ኣብ ግብጺን ሱዳንን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ካልእ 'ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ' ዝተባህለ ውድብ ንምምስራት ክተኣኻኸቡ ጀመሩ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ ብወተሃደራዊ መራሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ከምኡ'ውን ብደርኺት ንተ.ሓ.ኤ. ዘቐሙ ካብ ኤርትራ ዝተሰደዱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተወልዐ።

ድሕሪ 20 ዓመታት፡ ፖለቲካዊን ሰላማዊን ቃልሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብረት ምልዓሉ፡ ሕድገት ዘይፍቅድ ቁርጺ ውሳኔኡ ንምሉእ ናጽነት ዘለዎ ተበግሶ'ዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ በቲ ዝሓሸ ተሞኩሮን ኣውዳድባን ዝነበሮ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ዝጅምር፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምጅማሩ ናይ ታሪኽ ሓደጋ እዩ ኮይኑ። ምኽንያቱ እቶም ንተ.ሓ.ኤ. ዝመስረቱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ኣብ 40ታት ብዝነበረ ጸቢብ ገምገም፡ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ምሕር ዝተጸልዉ ነበሩ። ብኣንጻር ሓራካ፡ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢ ዝተመስረተ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሱር ዘይነበሮ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብዝነበሩ ዓቃባውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ዝተጸልወ ምንባሩ፡ ምስ ከውንነት ኤርትራ ዘይኸደ ኣመራርሓ ከምዝዕበል ካብ ዝገንቀጸ ድኽመታት እዩ ነይሩ።

ምስቲ ኣብ 50ታት ኣብ ከተማታት ኤርትራ ተፈጢሩ ዝነበረ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ብምንጽጻር እምበኣር፡ ኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ድሑር ነበረ። ሓራካ ዋላ እኳ ንብዙሕ ምኽንያታት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ምጅማር እንተተደናጎየ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብተ.ሓ.ኤ. ከም እወታዊ ምዕባለ ተቐቢሉ ምስ መራሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኪዳን ንምምስራት እኳ እንተፈተነ፡ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ፍልልያት ሃሰው ኢሎም ብምግፋሕ ኣይተቐበልዎን። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓራካ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንምስታፍ ሜዳ ምስ ኣተወ ብሓይሊ ብረት ጨፍለቕዎ።

ይቕጽል . . .



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መብራት ዘርኣብሩኽ ማሉ፡ ሓትነይ ሃይማኖት ወልደገብርኤል ተሰፋገርግሽ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጓል ሓፍታ ምስ 4 ኣሕዋታ ወራሲቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/26 ኣብ 7ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናምሩድ ሰረቐ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኔምሮድ ሰረቐ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጉት ተኽለ ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ሓድጉ ኣማኑኤል ማትዮስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወራሲቲ ምዃንናም ደረጋግጸልናም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ምሕረት ኢትባረኽ ካሕሳይ፡ ኣዴና ውዳሰ ወልደገብርኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 2 ተተካእትን ወራሲቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣይመን ጣሂር ሓምዶ ምባል ተሪፉ፡ ኢሰድሮስ ጣሀር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ ዘርኣይ ሃይለ ሓጎስ፡ ተኸሰስቲ 1.ሙልጌታ ዘርኣይ ሃይለ 2.ሰናይት ዘርኣይ ሃይለ 4.ኤርምያስ ዘርኣይ ሃይለ፣ ናይ ምቕሊት ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ዳናይት ኢሳያስ መልኣከ፡ ተኸሳሲ ናህም ብእምነት መርእድ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ሳባ ኣባይ ተድላ፡ ኣደይ ኣወጣሽ ዓንደ ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወራሲቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

እዮብ ገብረብርሃን ገብረሚካኤል፡ ስም ኣደይ ዘውዲ ሓየሎም ምባል ተሪፉ፡ ዘውዲ ሓየሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ብፍ/ብ/መሳል ዑመር ሰፋሮ መሓመድዓሊ፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ጊሊጋብር ኣብርሃ፡ ናይ ፈጸሚ መዝገብ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ከሳሲ ተኽለማርያም ሃብተገርገስ ቀለታ፡ ተኸሳሲት ኑቢያት የውሃንስ ተሰፋዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ት/ዕድመብርሃናዊ ዘርኣብሩኽ ተኸስተ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለብርሃን ዘርኣብሩኽ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍስሃ ተወልደ ሃብተሚካኤል ምባል ተሪፉፍስሃየ ተወልደ ሃብተሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንግስቲ ኣማኒኤል ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ንግስቲ ኣማኒኤል ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ብሩክ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ፡ ምባል ተሪፉ፡ መብሩክ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ከበቢ ኣምሀር ፕሎት 15 ፓርሰል C PID 2537B010 ሕጂ ብቑ.ንብረት 4BRDKM002830/0 ስፍሓት መሬት ካብ 400 ት/ሜ ፍርቁ ማለት 200 ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓጋገዝ ክፍሊ ምስ ካንሸልኡ፡ ብስም ወ/ሮ መኣዛ ተኽለሃይማኖት ቀላቲ ዝተመዝገበ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ’ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኒይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ክፍሊ ቴክኒክ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ ሰነዳት ጉዳይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተስፋልደት ገብረጊዮርጊስ
ወኪል ኣቶ ተስፋይ ገብረእየሱስ ሓጎስ

---

ኣነ ኣመልካቲ፡ ሓወይ ኣሕመድ ዓዶዓሊ ኢብራሂምን ሰይቲ ሓወይ ሓሊማ ሱሌማን ሓሰንን ናይ ብሕቲ ንብረቶም ዝኾነ ገዛ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ፡ ዞባ 6 ፕሎት 3 ፓርሰል ዲ ዝርከብ ኣብ 450 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታታ ሓደ ሽቓቕን ክሽንን ምስ ካንሸልኡ፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ ቀሪቦም ብዕለት 06/07/2012 ብቑ/መዝ/3/2021 ብውህብቶ መልክዕ ዝሃቡኒ ካብ ስሞም ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ኣለኹ ዝብል፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ኣብ ውሽጢ ወርሒ እንተዘይኣምጺኡ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ምዃነይ ኣፍልጥ።

ኣቶ ኢብራሂም ዓዶዓሊ ኢብራሂም

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና መደበር ቁ.ገዛ 11 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRASM009877 ዝተመዝገበ ገዛና፡ ብውህብቶ ናብ ወድና ኣማኑኤል ተስፋልደት ክፍልዝጊ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ኖታሪ ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ክመሓላለፍ ምዃንና ነረጋግጽ።

ኣቶ ተስፋልደት ክፍለዝጊ ተወልደመድህን

---

ኣነ ወ/ሮ ኣንገሶት ኣለማ ገብረየሱስ፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ምም/ከበቢ ሓከር ኣብ ብሎክ 9 ፓርሰል D ኣብ 30.69 ት/ሜ ዝተደኮነ፡ ብኮምሽን ምጽራይ ዋንነት ቁጽሪ 520394 ዋንነት መወከሲ ቁጽሪ 520394 ዋንነት መወከሲ ቁጽሪ 521322 ብስም ወራሲት ነፍ/ሄሪት ለተማስቀል ገብረመድህን ዝተመዝገበ፡ ካብ ወሃንቱ፡ ብዓል ቤተይ ሰወእ ሓጎስ ሃይሉ ወልደኣብእዝጊ ዝዓደጎ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ቴክኒክ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ይቕረብ፡ ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣንገሶት ኣለማ ገብረየሱስ
ብወኪል ኣለማ ገብረየሱስ ተስፉ

---

ኣመልካቲት ራሕማ ደረስ መንሱር ዑመር፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጋሻ ነፋሒ ዳዕሮ ጳውሎስ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 46 ፓርሰል ኤል1 ASP00050926 ASD00045825 ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ብዘሎ ክፍሊ ቀንዲ 2 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM009523 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንኣብብከር ኢብራሂም ኣደም ስለዝሸጥኩሉ’ሞ ናብ ስሙ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተባህለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ዞባ ማእከል ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ራሕማ ደረስ

---

ኣመልካቲት ሳባ ምስየና ጊላዝጊ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገጀረት ጎደና ያና ዝርከብ ገዛ ፕሎት 109 ፓርሰል W ASP 00021291 ASD00019258 ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ፡ ብዘሎ ክፍሊ ቀንዲ 6 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM001942 ብስም ብ/ዓቤተይ ነ/ሄር ግርማይ ቀለታ ዝተመዝገበ ገዛ ብህያብ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤተ ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግና ኦርጅናል ሰነዳትና ሒዝና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ሳባ ምስየና

---

ኣብ መንግስቲ ኣካራያይ ስምኦም ገብረሂወት ወልዱን ተኻረይቲ ኣብርሃም እዮብ ተኽለን ስምኦን ለባሲ ሓጎሰን፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00038299 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ-ጣንዳ ጎደና ሃም ቁ.ገዛ 01 ዝተመዝገበ ናይ ቤት መግቢ ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ 01/01/2026 ጀሚሩ ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና፡ ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ከቋረጽ ምኳኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን/ምዝገባን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳምራዊት ተኽለማርያም ተስፋጊዮርጊስ ወለደይ ተኽለማርያም ተስፋጊዮርጊስን ኑብያት ኣርኣያን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተጋ/ኣበ በየነ ሃይሉ ኣዴና እትመት ምኒሊክ ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ቴድሮስ ገብረሚካኤል ሃብቱ፡ ኣደይ መኣዛ ተስፋጊዮርጊሽ ሃብተሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ራሕሲ ግርማይ መንግስ ምግል ተረፉ፡ ቤትኤል ግርማይ መንግስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት መኮንን ባህታ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ረዘነ ብርሃነ ሓደራ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብርሃም ዓንደም ወልደሃይማኖት፡ ሓፍተይ ዘውዲ ዓንደም ወልደሃይማኖት ስለዝዓረፈት፡ ውላድ ስለዘይብላ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት የማነ ተኸስተ፡ ጓልና ንስራዊት በረኸ ተኽለ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ ወላዲኣ በረኸ ተኽሉ ወረስታ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሃይለ ዑቕበት ገብረሂወት፡ ወደይ ናትናኤል ሃይለ ዑቕበት ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ በ/ቤተይ ወ/ሮ ብርኽቲ ሄኖርኣብ ገብረክርስቶስ ወረስቲ ምኻን ናይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣሚን ኣንገሶም ጺጋይ፡ ኣቦይ ኣንገሶም ጺጋይ ገብረዝጊ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ክሳሲ ኣቶ ርቢል በረኸት ወልደኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ደብሳይ ሽከር፡ ንጉዳይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

ለተሚካኤል ተስፋማርያም ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ተኽለማርያም ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ለተርፋኤል ስብሃቱ ተኽለ ምግል ተረፉ፡ ሮዝ ስብሃቱ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰረቅ እዮብ ኣርኣያ፡ ኣሞይ ኰሎኔል ሄኖክ ለተኪዳን ኣርኣያ ሃብተጽዮን ዝዓበትና ለዋ ደጽደቐልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ 14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7 ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣማኑኤል ሃይለ እማሁ ምግል ተረፉ፡ ኣማኑኤል ኣብርሃም ሰገድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

በላይ ገብሩ ተወልደመድህን፡ ስም ኣደይ ኣብርሀት ፍረዮውሃንስ ምግል ተረፉ፡ ኣብርሀት ይመሰገን ንገሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኤደን ኣብርሃም ስእላይ ምግል ተረፉ፡ ኤደን ጆርጅ ሉሮቲሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ወይኒ ኢብራሂም ኣማኑ፡ ተኸሳሲ ወደብ ባዘዎ ይግዛው፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

ለኣላ መኮንን ተስፋጽዮን፡ ኣቦይ መኮንን ተስፋጽዮን ግርመን ዱኳን ኪዳነ ብሉዱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣዜመራ ጺጋይ ወልደገርግሽ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ይ/በዛለት ቀደሽ ተኽሉ፡ ንወ/መልሲ ግዚ. ሰዩም ንሽፈላዊ ምልክት ናይ ይግባይ መዘኑብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ወ/መልሲ ግዚ. ሰዩም ን15/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.33 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

ኣልጋሽ ክንፈ ተስፉ ምግል ተረፉ፡ ኣልጋሽ ክንፉ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰለሞዊት ኣለም ሃብተጼን፡ ተኸሳሲ ሞሞና ከርስ ኣሰፍሁ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ቅሳነት ዳዊት ኣፈወርቂ፡ ኣደይ ኣፎምያ የውሃንስ ንገሰ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ህያብ ሳምሶም ወልደገርኤል ምግል ተረፉ፡ መኸሰብ ሳምሶም ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰለሙን ኣርኣያ ተወልደ፡ ስም ኣደይ ኣበባ ኪዳነ ተኽለ ምግል ተረፉ፡ ገዘኸን ታፍላ ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

በላይ ሃብተገርግሽ ማና፡ ኣቦይ ሃብተገርግሽ ማና ሓጎስን ኣደይ ለተብርሃን ገብረእየሱስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት ኣሕዋተይ 2 መውትቲ ተተካእቲ 8 ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ዮራን ሃይለ ሰዩም፡ ስም ኣደይ ግደይ የኣብ ምግል ተረፉ፡ ግደይ እያኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ባንክ ኣብየትን ንግድን ብፍ/በ/ዕዳ ኰ/ሄር ክፍለም ዘርኣይን ብዝተፈጥረ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 03/04/2012 ብቑ/መዝ266/12 ብዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ኣብ ዓዲ ተከሌዛን ዞባ 01 ሎታ 48 ፓርሰል ጂ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ቪላን ሰርቪስን ዝሓዘ 7 ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋጋዚ ክፍሊታት 1 ዓቢ መኻዚኖን ዘጠቓልለ ኮይኑ፡ ብክኢላ መጠነሲ ዋጋ ብፍርቂ ጉዱሉ ዋጋ 337.620.95 (ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሸውዓተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ዕስራን ናቕፋ ቴስዓን ሓሙሽተን ሳንቲም) ስለዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝፀደድ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ 5 መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቑሖ መጠን ገንዘብ፡ ብዝተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብዝተወሳኺ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 21/5/2026<br>
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ቅ/ቀትሪ<br>
ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27<br>
ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል። ከምኡ'ውን ኣብ ዓዲ ተከሌዛን ዞባ 01 ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።<br>
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ሚሮን ተኽለሚካኤልን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ የማነ ዓንደብርሃን ዝተፈጥረ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ኣብ ዓዲ"ቐ" ኣብ ፕሎት 18 ፓርሰል J ዝርከብ ኣብ 240.50 ት/ሜ ዝተደኰነ ተራ ገዛ 03 ቀንዲ ክፍልታት 02 ሓገዝቲ ክፍልታት፡ ባኒካ ናይ ማይ ዝሓዘ፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ቤት ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጡ ብጽሒቶም ክወስዱ ስለዝኣዘዘ፡ ብኽኢላ መጠነሲ ዋጋ 774,958.97 (ሸውዓተ ሚእትን ሰብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሓምሳን ሸሞንተ 97%) ናቕፋ ተገሚቱ ኣብ ዝፀደድ ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 05 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳጹን ናይ'ቲ መወዳደሪ ዝረቑሖ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ጽሒፉ ቁ/ተጠራቓሚ ሕሳብ ወይ ብስም ፈጻሚ CPO ኣሰሪሑ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 02/06/2026<br>
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ቅ/ቀትሪ<br>
ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27<br>
ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/64 ክውከስ ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣምጺኡ ሓራጅ ደው ኣይብልን።<br>
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ




## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ምሕረት ጎይትኦም መሓሪኤል፡ ብዓል ቤተይ ወልደሚካኤል ሳሙኤል መብራህቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናብዩ ኤፍሬም ተኸስተ፡ ኣቦይ ኤፍሬም ተኸስተ ሞሳዝጊ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብራህቱ ገብረሚካኤል ክፍሉ፡ ኣቦይ ገብረሚካኤል ክፍላ ገብረስላሴን ኣደይ ጎዖይ ዘመንፈስቅዱስ ገብረእየሱስን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰገነቱ ጉብሩ ደሰሓቕ፡ ተኸሳሲ ኣቶ እዮብ ርእሶም ኣስፍሃ፡ ናይ ፍትሕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

መርሃዊ ክንፈ ጆሲ ምባል ተረፉ፡ መርሃዊ ክንፈ ኣላንተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ኣብርሃ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ናርዶስ ኣብርሃ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በረኸት ሚካኤል ክፍላይ ምባል ተረፉ፡ማዚዎስ ሚካኤል ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ህያብ መድሃኔ ኣብርሃም፡ ስም ኣደይ ሮዳስ ኣብርሃ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ናርዶስ ኣብርሃ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መብራህቱ ወልዳይ ገብረዝጊ፡ ኣሞይ ነ/ሄር ህድኣት ገብረዝጊ ማዘዝያ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ንወላዲደይ ብምትካእ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይን 6 ደቂ ነ/ሄር ሓወቦይን ብደቂ ነ/ሄር ወዲ ሓወቦይን 1 ኣሞይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰና ተስፋይ በርህ ምባል ተረፉ፡ ሰሊና ተስፋይ በርህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ፍዮሪ ተኽልኣብ ሰመረ፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ተወልደ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ትዕበ ገብረማርያም ገብረሂወት፡ ኣቦይ ገብረማርያም ገብረሂወት ወልደሃላስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምኻና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ተኽሎም ወልዱ ሃብተ ምባል ተረፉ፡ ኣታክልቲ ወልዱ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ገኒት ተኽለኣብ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ፍርቱና ተኽለኣብ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣሶላ ማዕቀባይ ፍስሃዬ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋገርግሽ ወልዳይ ሃብተ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሊያ ዞሚካኤል ግርማይ ምባል ተረፉ፡ ሊድያ ዞሚካኤል ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለሃይማኖት ማሰለ ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፡ ተኽለ ማሰለ ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ካሕሳይ ወልዳይ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ረሓስ ወልዳይ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በርህ ወልደሚካኤል ኣስፍሃ፡ ኣቦና ወልደሚካኤል ኣስፍሃ ወልደኣብዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ናይ ኣሕዋትናን ናይ ኣቦና ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በርህ ወልደሚካኤል ኣስፍሃ፡ ኣዴና ብርኽቲ ኣብርሃ ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ናይ ኣሕዋትናን ናይ ኣዴና ወረስቲ ምኻና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት የውሃንስ ኣለሙ ምባል ተረፉ፡ ኣፎምያ የውሃንስ ኣለሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ኣቶ ተስፋሚካኤል ጎጀ ምባል ተረፉ፡ ተስፋሚካኤል ጎጆ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ሓድጉ ተወልደ ገብረማርያም፡ ኣቦይ ተወልደ ገብረማርያም ማሸሻን ኣዴና ዛፉ የሕደጎ ገብረዝጊን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ፍጉራይ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቕባዝጊ ከሰተ፡ ብዓልቲ ቤተይ ጸጋ ጠዓመ ምስየፍ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ እርጋኣለም ተኸስተ ተኽለሃይማኖት ምባል ተረፉ፡ እርግኣለም ኣየው ሽፈራው ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ኣሶኩ ዑቕባጉብር ምባል ተረፉ፡ ጅራ ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሓጅ ዑመር ምባል ተረፉ፡ ዑመር ሓጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ጠዓመ ገብረማርያም መርኤ ምባል ተረፉ፡ ጠዓመ ገብረማርያም ንርአ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ደሊና ኣንገሶም መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ኣምና ሓሰን ኣሕመድ መሓመድ ጥዑም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፦ ጽገና ኣየር ኮንዲሽነን ፍሪጅን
ኣሃዱ፦ ሆስፒታል ባጽዕ
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ጽገና
ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ሆስፒታል ባጽዕ ንዓመት 2026 ዓ.ም ካብ 05/2026 ዓ.ም ኣብ ሆስፒታል ባጽዕ ዝርከብ ኣየር ኮንደሽነን ፍሪጅን ንክጽግን ከምኡ'ውን ስለ ዝደለየ፡ ንሕጋውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ጽገና ንዕድም። (ቅጥዒ መጫረትን ሓበሬታን ካብ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሆስፒታል ባጽዕ ይወስዱ።)

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥበታት፦

1. ጨ/ሚ/ጥዕና ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ኣገልግሎት ጽገና ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቀዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወኸጠ ሃገር፡ መንነት ወረቐትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሆስፒታል ባጽዕ ሃብታይ ርእሶም ቍ.ተሌ 07260213 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታትን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ግዱሳት ተወዳደርቲ ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘሎ መዓልታት ኣብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ መምልኢ ቅጥዒ (Proforma) ክትወስዱ ከም እትኽእሉ ንሕብር።
7. ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት ኣብ ጋዜጣ ምስተሓበረ፡ ልክዕ ሰዓት 11:00 ቅ.ቀ ኩሉኹም ተጫረትቲ ሰነዳትኩምን መወዳደሪ ቅጥዒን ሒዝኩም ክትቀርቡ ንሕብር።
8. ጨረታ፡ ተወዳደርቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኸብሉ ልክዕ ሰዓት 11:15 ኣብ ቤ/ጽ/ምም/ፋይናንስ ሆ/ባጽዕ ብግልጺ ይኽፈት። ደንገዩ ዝመጽአ ተጫራቲ ይገደፍ።
9. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
10. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ኣገልግሎት ጽገና፡ ንሓደ ዓመት ብናቱ መጕዓዝያ ይመላለስ። ሆስፒታል ባጽዕ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሆስፒታል ባጽዕ
ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ቁ.ቴሌፎ 07260213

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ሓቀኛ መጻምድቲ ንምርካብ . . .

እዛ እትስዕብ ዓንቀጽ፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ሓቀኛ መጻምዲ ንኽትረኽብ ክሕግዝዋ ዝኽእሉ ሜላታት ዝሓዘት'ያ። እዩም ሜላታት ድማ ብሕጽር ዝበለ ተገሊጾም ኣለው። ቅድሚ ናብቶም ሜላታት ምሕላፍና ግን ሓንቲ ጓለስተይቲ ዝምድና ንኽትምስርት ኣብ ዝፈተነትሉ ህሞት፡ ኣብ ጉዕዞ ሓደ ድሕሪ ሓደ ፍሽለታት ኣጋጢሙዋ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ብዙሓለፈ ስምዒታዊ ሃሰያ ተሰኪ ከይቀረጸት ክትብሎስ ከምዝለዋ ምዝኽኻር ኣገዳሲ'ዩ። ከምኡ'ውን ኑቲ ሓቀኛ መጻምዳ ኣብ ምርካብ ብዙሕ ተጻብዮን ደኺማን ክትከውን ስለእትኽእል፡ ሕጂ'ውን ድኻማ ከይጸብጸበት (ንዓይ ዝኸውን መጻምዲ የለን ኢላ ተሰኪ ከይቀረጸት) ብሓደሽ ሞራል መጻምዳ ንምርካብ ክትብሎሰ'ዩ ዘለዋ እናበልና፡ ናብቶም ሓቀኛ መጻምዲ ንምርካብ ዝሕግዙ ወጽኢታውያን ሜላታት ንሰገር።

### 1. ንህይወትኪ ንበርያ

ሓንቲ ጓለንስተይቲ ንወዲ ተባዕታይ ኣዝያ ሰሓቢትን መሳጢትን እትኸውን ዝተማልአ ህይወት ምስ እትመርሕ'ዩ። ዝተማልአ ህይወት ማለት ድማ ንዚወታ ምስትምቓራ ማለት'ዩ። ስለዚ፡ ምስቶም ከምቲ ናትኪ ድሌታትን ባህግታትን ዘለዎም ሰባት እናተቐራረብኪ ድሌታትኪ ኣዕብዩ። ከምዚ ኢልኪ እናተገዓዝኪ ድማ ንዓኺ ዘገድስ ወይ ዝምስጥ ወዲ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ። ብድሕሪዚ፡ ኑቲ ንዓኺ ዝምስጥ ወዲ ምርካብኪ ዕድል ሸለል ከይበልኪ ንተመኩሮኺ ምስ ናቱ ተመኩሮ ከተዋስብዮ ፊትኪ። ከምዚ ምግባር ምስ ናትኪ ዝሳነ ህይወት ዘለዎ ሰብ ኣብ ምርካብ ክሕግዘኪ'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን ንህይወትኪ ንበርያ። ሃም'ኽን ቀልብኺን ንዓኺ ዝኸውን ወዲ ኣብ ምድላይ ዘይኩነ ክኸውን ዘለዎ፡ ንድሌታትክን ባህግታትክን እናስተማቐርኪ ኢኺ ክትገዓዚ ዘለኪ።

### 2. ኑቲ እትምኒዮ ሰብ ሕሰቢ፣

ኑቲ ኣብ ህይወትኪ እትደልይዮ መጻምዲ፣ ሓቀኛ መጻምዲ ብኸመይ ደርከብ፤ እንታይ ዓይነት ወዲ ክኸውን ከምዘለዎ ክትሓስብዮ ጀምሪ፡ ሓደ መጻምዲ ክህልዎ ዘለዎ ውሸጣዊ መለለዩ ጠባያት ማለት ሓላፍነታዊ ደዩ፤ መኽበሪን ቅኑዕን ደዩ፤ ብንጹር ምግማን ከድልየኪ'ዩ። ንሱ ዘርእዮም ውሸጣዊ ባህሪያት ወይ ጠባያት፡ ኣብ ህይወት ወይ ሓዳር ንዝህልዎ ኣጠማምታን ኣተሓሕዛን'ውን ከእንፍተልኪ ስለዝኽእል፡ ተጠንቂቕኪ ኣጽንዕዮ። ከምኡ'ውን ንሱ ዘካይዶም ተወሰኽቲ ንጥፈታት፡




ማለት ኣብ ባራት ተሰጢሖ ዝውዕል ደዩ፤ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዘካይድ ደዩ፤ ምብጻሕ ቦታታት (ዙረት) ዘካይድ ደዩ፤ ትምህርታዊ ነገራት ዘሰላስል ደዩ፤ ... ወዘተ እንታይነቱ ዝገልጹ ተወሰኽቲ ንጥፈታት ስለዝኾኑ፡ ኣስተብህልሎም ባህሪያቱ ኣብ ምፍላጥ ዝሕግዙኺ'ዮም። እዚ ኩሉ ከኣ ንባህሪያትኪ ምስ ናቱ ባህሪያት ከተሳንይን ንመጻኢ ህይወትኪ ዝኸውን ውሳነ ክትገብርን ከኽእለኪ'ዩ። ማለት፡ እንታይነት ናይቲ ወዲ እንተመሳሰሉኪ ትስዕብዮ እንተዘይኪኑ ኣንፈትኪ ትቕይሪ።

### 3. ንዝሓለፈ ሕማቕ ተመኩሮኺ ኣብ ሬቡዕኺ ኣውዕሊ

ኣብ ምምስራት ዝምድና ፍሽለት ምስ ዘጋጥም ዝፈጥሮ ስምዒታዊ ሃሲያ ቀሊል ኣይኮነን። እንተኾነ ዝጋጠመኪ ሕሉፍ ተመኩሮ ስምዒታዊ ቃንዛ ሓደሽ ዝምድና ንምምስራት ኣብ እትገዓዝሉ እዋን ኑቲ ሓደሽ ጉዕዞ ከየኽናደብልኪ ክትጥንቀቒ ኣለኪ። እዚ ማለት፡ ቅድሚ ሕጂ ዝጀመርክዮ ዝምድና ስለ ዘይሰለጠ ወይ ብእኡ ስለዝተጎዳእኪ፣ ምስቲ ሓደሽ ንዝምድና ክህልወኪ እትሕልንጾ ዘለኺ ወዲ ተመሳሲሉ ገጺ ባህሪ ከተንጸባርቒ ኣይግባእን። እዚ ግን ሕሉፍ ተመኩሮኺ ተጠቒምኪ፣ ኑቲ ክትቀርብዮ እትሓስብዮ እንተዘይኪኑ፡ ኣብ ህይወትካ ክትመሃረሉ ደኣ'ዩ ዘለካ'ምበር ተመሊሱ ዕንቅፋት ክኾነካ የብሉን።

### 4. ርእሰ ምትእምማን ዝሀብ ክዳን ተኸደኒ፣

ኣኩዳድና ኣብ ምምስራት ዝምድና ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብሸለልትነት ክጥመት ኣይግባእን። ስለዚ፡ ምቾእኡነት ዝፈጥረልክን ርእሱምትእምማን ዝህበክን ክዳን ምኽዳን ኑቲ እትሓስብዮ መጻምዲ ወዲ ኣብ ምስሓብ ተራ ኣለዎ። ስለዚ፡ ኑቲ ወዲ ተባዕታይ ዝምስጥን ንኹሉ ኣብ ግምት ዘእተወን (ደቡ ዝሓለወ) ኣኩዳድና ምኽዳን ጸቡቕ'ዩ መስልኪ'ውን'ዩ። ስለዚ፡ ናይ ጓል ዓይነት ኣኩዳድና (girl style) እንተደኣ ተኸዲንኪ፡ ኑየም ጓል ዝደልዩ (መጻምዲ ዝጥምቱ) ኣውዳት ክትምስጢ ግድን'ዩ'ሞ ወይዘሪት ዘምስለኪ ኣኩዳድና ደኣ ኣዘውትሪ። ዝዓበየ ጠመተኺ ግን መንነትኪ ብርእሱተኣማንነት ኣብ ምግላጽ ክኸውን ኣለዎ'ምበር፡ ምሉእ ኣደህቦኺ ብኣኩዳድናኺ ተቐባልነትን ብቑዕነትን ክትረኽቢ ክኸውን የብሉን። እቲ ምንታይ መንነትካ ብርእሰ ተኣማንነት ምግላጽ ንሰብ ብእወታ ናይ ምጽላው ሓይሊ ስለዘለዎ።




ዘለኻ ወዲ ምሳኺ ዝኸይድ ሓቀኛ ደዩ ኣይኮነን ክትግምግምዮ፡ ብዘዕባኡ መጠናዊ መረዳእታ ክትወስድን ይሕግዘኪ'ዩ። ስለዚ ሕሉፍ ተመኩሮ ኣብ ሬቡዕኺ ኣውዕልዮ። ገለ ደቀንስትዮ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ምምስራት ዝምድና ብወዲ ተባዕታይ ስምዒታዊ ሃሲያ ወይ ጥልመት ምስ ዘጋጥመን፡ ሓደሽ ዝምድና ኣብ ዝምስርታሉ ግዜ፡ እቲ ሕማቕ ተመኩሮአን ክዕንቅጸን ይርኢ'የን። ብሰንኪ ተሰኪ ምፍራድ ክሳብ ደጊመን ንዐአን ዝኸውን ወዲ ንኸይደልያ ምኽንያት ይኾኑን። ሕሉፍ ሕማቕ ተመኩሮ ግን ሃሲያኡ ቀለል'ኳ

### 5. ተዋዛዪት ኩኒ፣

ከም ጓለንስተይቲ መጠን ብኸፉት ልቢ ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ምውዛይ ንዓኺ ዝኸውን መጻምዲ ኣብ ምርካብ ክሕግዘኪ ዝኽእል ሜላ'ዩ፡ እቲ ምውዛይ ግን ደቡ ዝሓለወ ደኣ'ምበር ኣንፈቱ ዝሰሓተ ክኸውን የብሉን፡ ምኽንያቱ ኣብ ሓደጋ ከውድቐኪ ስለዝኽእል። ኣብ ልዕለኺ ተጉዳስነት ዘለዎ ወዲ ኣብ እትዕዘብሉ ህሞት ድማ ምስኡ ናይ ዓይኒ ምጥምማት ምግባርን ክምስ ምባልን ጸቡቕ'ዩ፡ እቲ ናይ ዓይኒ ምጥምማትን ክሰምታን ግን ኑቲ ወዲ ዝደህል ወይ ዘፍርሕን ካልእ መልኽእቲ ሂቡ ንኽርሕቕ ዝዙብርን ክኸውን የብሉን። መጸናዕትታት ከም ዝመልክትዎ፡ ክምሰታ፡ ንሓንቲ ጓለንስተይቲ ኣብ ቅድሚ ወዲ ተባዕታይ ኣዝያ መሳጢት ንኽትከውን ዘኽእላ እንኮን ወጽኢታዊን ሜላ ምኻኑ'ዩ። ሕጂ'ውን ርእሰ ምትእምማን ቀንዲ ረቛሒ ወይ ሓይሊ ጓለንስተይቲ ምኻኑ'ዩ፡ ምቕልልትን ምእዝዛዝን ምኻን'ውን ንወዲ ተባዕታይ




ካብ ዝማርኹ ጠባያት'የም እሞ ተጠቒምሎም።

### 6. መቓድውቲ ምኻንኩም ኣረጋግጹ

ዝምድናኹም እናጠንዐ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ኣብ ህይወት እንታይ'ዩ ዝደሊ ሕተትዮ። ኑየም ዝደልየም ዕላማታቱኸ ብኸመይ'ዩ ከተግብሮም ዝውጥን፤ ኑየም ዕላማታቱ ንምዕዋትካ እንታይ ክገብር'ዩ ዝደሊ፤ ዕላማታቱኸ ምስ ናትኪ ዕላማታት ይሰማምዑ ድዮም፤ ኣብ ክብሪታት፡ ድሕረ-ባይታን ዕላማታትን ተመሳሳልነት ምህላው ዕወት ዝምድና ንኽትምስርት ኣንፈት ይህቡኻ'ዮም። ኣብ ኣዝዮም ደቀቕቲን ብዘይመጠን ዓበይቲን ፍልልያት ብዙሕ ዘይምድሳብ ምኽንያቱ ምስ ግዜ ክልወጡ ስለዝኽእሉ። እንታይ ደኣ ኣብዮም መሰረታውያን ዝኾኑ'ሞ ሓዳር ንምምስራት ዝሕግዙ ዕላማታት ጥራይ ትቃደዉ ምኻንኩም ኣረጋግጹ።

### 7. ጥዑና ዘለዎ ዝምድና ኣማዕብሉ

መቓድውቲ ምኻንኩም ምስ ኣረጋገጽኪ፡ ቅኑዕን ጥዕና ዘለዎን ዝምድና ከተማዕብሊ ጽዓሪ። ምኽንያቱ፡ ምስቲ እትቐርብዮ ዘለኺ ወዲ ሚዛናውን ቅኑዕን ርድኢት ሒዝኪ ምስ እትገዓዚ ጥራይ'ዩ ንመጻኢ ህይወትኩም ጥዑይ ዝምድና ክትከሉሉ እትኽእሊ። ገርሒን ምትላልን ሒዝኪ ኣይትቕረቢ። ድጉል ስምዒታትን ኣምሰሉነትን ኣወግዲ። ንስኺን ዕላማኺን ኩይንኪ ደኣ ቅረቢ። እቲ ክለንትናኺ ዝተዓዘበ ወዲ ድማ ክቐርበኪን ምሳኺ ክቕጽልን'ዩ። ኣዘራርባኺ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቲ ወዲ ተባዕታይ ዘለኪ ኣኽብሮት ዝገልጽ፡ ንፍቕሪን ሓድነትን ክልቴኹም ዝድርኽ ክኸውን ከም ዘለዎ ለበዋ ኣየድልየን። ልዕሊ ኩሉ ድማ ለዋህ ኩኒ። ከም ኣደ ኩይና ዝምድናኣ እተማዕብል ጓለንስተይቲ ንልቢ ወዲ ተባዕታይ ክትስሕብ ግድን'ዩ። ሓቀኛ ዝምድና ልቢ ንልቢ ብምውህሃብን ኣብ ጉዕዞ ጸጸኒሑም ብዘጋጥሙ ምገርፋጣትን እናደልደለ ዝኸይድን ዝምዕብልን ምኻኑ ኣስትውዕሊ። :

### 8. ናብ መርዓ ኣይትተሃወኺ፣

ሃፃም ቀዳምና ዘልዓልናዮም ነጥብታት ተኸቲልኪ ንዓኺ ዝኸውን ወዲ መን ምኻኑ ምስ ኣረጋገጽኪ፡ "ኩሉ ነገር ተዛዚሙ'ዩ" ብምባል ተቐላጢፍኪ ናብ መርዓ ምኻድ ጸቡቕ ኣይኮነን። ጸንዓት መጻምዲ ዝበዝሉ ካብታ ዝተላለዩላ መዓልቲ ጀሚሮም ክሳብ'ታ ዝተመርዓውላ፡ ታህዋኽ ንመርዓ ኣወጊዶም ቀስ ብቐስ ፍልልያቶም እናጽበቡን ሓድነቶም እናዕበዩን ዝኸዱ ምኻናም'ዮም ክኢላታት ዝመኽሩ። ንመርዓ ዘይምህዋኽ ዝያዳ የርብሓኪ'ምበር ኣይሃስየክን'ዩ። ዘየስተውዓልክዮ ነገራት ብደቂቕ ንኽትፈልጢ፡ ንኽትዛበጽልን እኹል ተመኩሮ ንኽትድልብን ስለዝሕግዘኪ ተመራጺ'ዩ። ኣብ ናይ ሌላ ጉዕዞ ግን ምኽባርን ሓልዮትን ብኣኺ ይኹን ብወገን'ቲ ምሳኺ ዝቐርብ ዘሎ ወዲ ክፍለየኩም ዘይብሉ ንኽልቴኹም ጠማሪ ኣብ ሓዳር ከብጽሓኩም ዝኽእል መሰረታዊ ቀመም'ዩ።

> **ጥቕሲ ብዛዕባ መጻምዲ ምርካብ**
>
> ሓንቲ ጓል ንኣደኣ ከምዚላ ሓተተታ፡
> "ኣደ፥ ኑቲ ቅኑዕ ወዲ (right Man) ከመይ ገይረ'የ ዝረኽቦ?"
> "ቅኑዕ ወዲ ምንዳይ ረሲዕኪ፥ ንባዕልኺ ቅንዕቲ ጓል ኣብ ምኻን ኣተኩሪ።"

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 15:00 | ተከኣ ንሳይት |
| 15:35 | ዶክመንታሪ |
| 16:10 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:20 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ካበይ ናበይ

ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2025 እዩ። ከባቢ ሰዓት 9፡00 ናይ ምሸት'ዩ ነይሩ። ብስራሕ ኣብ ኤክስፖ እናተንቀሳቐስኩ፡ ብሕልፊ ኣብ እዋን ምሸት፡ ሓደ ካብ ስክፍታ ነጋድያን ኣገልግሎት መጐዓዝያ'ዩ። እቲ ኮነታት ዝፈጠሮ፡ ጽቕጥቕጥ ስለ ዘጋጥም፡ ነጋድያን ብዓንተቦኡ'ዮም ገዛኦም ክኣትዉ ዝደልዩ። በዚ ምዝንጋዕ እናበሃጉ ናብ ኣውቶቡሳት ክጐይዩ ትዕዘብ። ዕለታ ብንጹር ዘይዝክራ ሓንቲ ምሸት፡



ኣቶ ዑቕቢት ባህታ

"ደሓር መጐዓዝያ ስለ ዘይንረኽብ፡ ኣውቶቡሳት ኩተማ ደው ቅድሚ ምባለን ገዛና ንኺድ።" በሉ፡ ብርክት ዝበላ ስድራ ቤታት ጠርኒፉ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ሓደ ኣቦ።

"መን በሉ፡ ሚኒባሳት ገመል ከለዋ እንታይ ጸገም ኣሎ። ከይተሸገርና ቀሲንና ጥራይ ንዘናጋዕ።" በለት ሓንቲ መንእሰይ ኳብ መንጎ እተን ብዙሓት ስድራ።

ቅድሚኡ፡ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ንነጋድያን ኤክስፖ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣገልግሎት ከም ዝህብ እፈልጥ ኣይነበርኩን። ኳብታ ኣጋጣሚ እቲኣ ግን፡ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣገልግሎት ከም ዝህብ ክርዳእ ክኢለ። ድሒረ ከም ዝበጻሕክዎ፡ እቲ ኩባንያ ኳብ ዝተመስረተሉ ዓመተ 1996 ኑቲ ኣገልግሎት ከም ዝጀመሮ መብርሂ ዝህቡ ሰባት ድሕሪ ምርካበይ፡ ምሸት ደኣ ሰዓት ክንደይ ጀሚረን ክሳብ ሰዓት ክንደይ ኣገልግሎት ይህባ ማለት'ዩ፧ ንኹብሰይ ሓቲተያ። ብዛዕባ'ዚ እኹል ሓበሬታ ክህበኒ ዝኽእል ሰብ'ውን ደለኹ። ሻቡ ምሳይ ኳብ ዝነበሩ ሓደ ሰብ፡ ምሸት ኳብ ሰዓት 6፡00 ክሳብ ፍርቂ ለይቲን ልዕሊኡን እናተመላለሳ ነጋድያን ከጐዓዛ ከም ዝሓድራ ገሊጹለይ። ድሒረ ከም ዘረጋገጽክዎ፡ ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ንኣስታት 30 ዓመት ብዘይ ምቁራጽ ከም እተጓዕዘን ገና'ውን ይቕጽሎ ምህላወን ፈሊጠ። እቲ ኩባንያ፡ ነዚ ዓይነት ኣገልግሎት ክህብ ዝደረኾ መኽሰብ ዘይኮነ ንነጋድያን ኣገልግሎት መጐዓዝያ ብምሃብ ንምሕጋዝን ምድጋፍን ምዃኑ ድማ'ዩ ዝገልጽ። እዚ ድማ ኳብ ተገልገልቲ ጽቡቕ ምስሊ ከም ዝህቦ ይሕበር።

ኳብዚ ዝብገስ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይቲ ኩባንያን ንታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ኣመሰራርታኡን፡ ክምስረት እንከሎ ሒዝዎም ዝተበገሰ ዕላማን ዝነበሮ ኣቃውማን እንታይ ይመስል፧ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘለዎ ደረጃ ግደኡ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ብኸመይ ይግለጽ፧ ከምኡ'ውን ስእሊ መጻኢ ዕማማቱ እንታይ ይመስሉ፧ ከም መጠን ሃገራዊ ትካል ምድህሳሱ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝተረድኣኒ፡ ነዚኦም ዝተጠቕሱን ካልኦትን ሕቶታት ንምንጻር፡ ናብ ቤት ጽሕፈቱ ከምርሕ ከም ዘለኒ'የ ተረዲኡ። ሻቡ ኣብ ራዳር ናብ ዝርከብ መዋፈሪኡ ብምኻድ፡ ምስ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ኩባንያ ኣቶ ዑቕቢት ባህታ፡ ኣቦ መንበር ቦርድ ናይቲ ትካል ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋጊብርኤል (ባሻይ) ከምኡ ድማ፡ ኣባል ናይቲ ኩባንያ ዝኾነ ስንኩል ብዓል ቤታ ወኪላ ትነጥፍ ዘላን ንኣስታት 8 ዓመት ድማ፡ ኣካያዲት ስራሕ ቦርድ ብምዃን ዘገልገለትን እተገልግል ዘላን ገዲም ተጋዳሊት ፍረወይኒ ይግዛውን ቃል መሕተት ኣካይድና ዘዳለናዮ ጽሑፍ ናባኹም ኑብሎ ሰናይ ንባብ፦

ብመውጋእቲ ይኹን ሕማም ኣብ መሳርዕ ሰራዊት ክቕጽሉ ዘይክእሉ 181 ዝተጣየሱ ተጋደልቲ ሰሪሖም ህይወቶም ክመርሑ ክሕግዞም ተባሂሉ ኣብ ነሓሰ 1996 ዝተመስረተ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ብኣታዊታቱ ዝመሓደር ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብርካዊ ማሕበር እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ብሚኒስትሪ ምክልኻል ኣቢሉ፡ ዝተጣየሱ ገዳይም ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሒታት ናይ ዝርከቡ መኮንናት መራሕቲ ሰራዊትን ኣብ ዝቐጸለ ዝተጣየሱን መጻኢ መነባብሮኦም ብምሕሳብ ዝተጣየሰ ትካል'ዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ፡ መንግስቲ 15 ሚልዮን ብር ብምስላዕ፡ ኣገልግሎት ህዝባዊ መጐዓዝያ ዝህባ ሚኒባሳት ኳብ ደገ ብምምጻእ ኣበጊስዎ። መንግስቲ ነዚ ትካል'ዚ ብ181 ዝተጣየሱ ተጋደልቲ ክቘሞ እንከሎ፡ ሕዙእ ብርኪ'ውን ነይሩዎ'ዩ። ምስ ግዜ ኸኣ፡ እቲ ትካል ኳብዚ ሕጂ ዘለውዎ ኣባላት ንላዕሊ ሓቝፉ ዓቢ ትካል ክኸውን'ዩ ነይሩ ትጽቢቱ። ኣብ መንጎ እቲ ትካል ትጽቢት ዘይተገበረሉን ቀጺሉ ዝበርህን ጸገማት ስለ ዝጐነፎ ግዱ፡ መንግስቲ'ውን ንዘክበሮ ሕዙእ ብርኪ፡ ክጥቀመሉ ኣይከኣለን።

ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ኣብ ዝተመስረተሉ፡ ተጋዳላይ ነበር ይኹን ውልቀ-ሰብ ክጽንበር ዝደሊ ብመሰረት ቅዋሙ ኣየፍቅድን እዩ። ኣብ ፈለማ ኣብ ምምሕዳራዊ



ተጋ/ት ፍረወይኒ ይግዛው

መዳዩ ይኹን ኣካዪዳኡ ክሳብ ዝድልድል ተባሂሉ፡ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ቤት ጽሕፈት ምጥያስ ተጋደልቲን ክእለ፡ ብዘወጸ መደብ መሰረት ዝቖመ እቲ ትካል፡ ሓደ ኳብ ቀንዲ ዕላማ ምምስራቱ ድማ፡ ኣብ ኩተማ ኣስመራን ከባቢኣን ዝነብር ህዝቢ ብርትዓዊ ዋጋ፡ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት መጐዓዝያ ንምሃብ ዝዓለመ'ዩ። ብልቓሕ መንግስቲ 15 ሚልዮን ብር ዝተበገሰ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ብ56 ዓበይቲ ክልተ ንኣሸቱ ብድምር 58 ሚኒባሳትን ሒዙ'ዩ ንኣገልግሎት ተበጊሱ። ስራሕ ምስ ጀመረ ኣይሓመቐን ድማ፡ ሰሪሑ 5 ዓመት ኣብ ዘይመልእ ዝነበሮ ዕዳ መንግስቲ ኣጻፊፉ ክውድእን ናይ ገዛእ ርእሱ ኣታዊታት ከጠራቕምን ጀሚሩ።

ትካል ንረብሓኻ ክትብል ኢኻ ትድክኖ። ኩንባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ ከም ኣብ ምምስራቱ፡ ዝተኑበረሉ ተስፋ ወነንቲ ብርኪ ኣባላቱ መስተርሆ ፈጢሩዶ፧ ርእሶም ክኢሎም ዝሓሸ ናብራ ክህልዎም ሓጊዝዎምዶ፧ እዚኣ ክትብርህ ዘለዋ ሕቶ እያ።

ኣብ 1996 ዝተመስረተ ኩባንያ ገመል ህዝባዊ መጐዓዝያ፡ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ (ኣብ ጥሪን ሰነን) ብጽሒት ወነንቲ ሰብ ብርኪ ይኸፍል። ብኸምኡ እቲ ትካል ክሳብ 2012 ጽቡቕ እናሰርሐ፡ ንወነንቲ ሰብ ብርኪ ብጽሒቶም እናኸፈለ ርእሰማል ከም ዘጥርዩ ሓጊዙ'ዩ። "ዘይሓሰብካዮ ርኹብ ኣይመርገም ኣይምርቓ ምርቓ!" ከም ዝብልዎ ግን፡ ኣብዚ ዝጠቐሰ ግዜ፡ ብሰሪ ኣብ ምሕደራኡ ዘጋጠሞ ሃጓፍ ክሳብ 2015 ዝቐጸለ ናብ ከቢድ ክሳራ'ዩ ኣቃሊዕዎ። ብዙሕ ክሳራ ድማ ኣጋጢምዎ። ብልሽት ዘጋጠመን ሚኒባሳቱ፡ እናተጸግዓ 5 ጥራይ ዝተረፋሉ ዓመተ 2014 ኑቲ ትካል ዘይርሳዕ ዛንታ ሰኒዳ ዝሓለፈት እያ። ከም ሳዕቤን ናይቲ ዘጋጠመ ዘይቅርዑይ ኣካይዳ ከኣ፡ "እዚ ትካል ጠፊኡ'ዩ። ድሕሪ ደጊም ክበራበር ዝኽእል ስለ ዘይኮነ፡ ምዕጻዉ ተመራጺ'ዩ...!" ኣብ ዝተባህለሉ ደረጃ (መድረኽ) እውን ዘይወረደ ኣይኮነን። እዚ ምስ ኮነ፡ ብዘተገብረ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣባላት ብርኪ፡ ኩሎም እቶም ኑቲ ትካል ናብ ጥፍሽና ዝወሰድ መንገዲ ዝተኸተሉ ሰራሕተኛታቱ፡ ናብ ሕጊ ብምቕራብ፡ ዝግባእ ሕጋዊ ስጉምቲ ተወሲዱሎም፡ ኳብ ስራሕ ከም ዝባረሩ'ውን እዩ ተገይሩ።

ነዚ ነገር'ዚ ንምጽጻይ 9 ዝኣባላታ ቦርድ ተመሪጻ። እታ ቦርድ ኑቲ ዘጋጠመን ኑቲ ትካል ከኣ ናብ ናይ ኣስታት 10 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዝወረዶ ከቢድ ክሳራ ዘስዓበን ኣካይዳ ብምጽናዕ፡ ናብ መስርሕ ዳግመ ሕውየት ናይቲ ትካል'ያ ተጓይያ። ኣብዚ እታ ቦርድ፡ እቲ ትካል ናብ ፍጹም ምዕጻው ዘብጽሕ ደረጃ ዕንወት ቅድሚ ምውዳቑ፡ ፈለማ ኳብ ዘካየደቶም ንጥፈታት ሓደ ከኣ፡ ምትእትታው ሓያል ስርዓት ቍጽጽር'ዩ።

ኣብ እትውንኖ ትካል ነገር እንተ ደኣ ፈጺኻዮም እሞ ድማ፡ ኣብ ደረጃ ኳብ ቍጽጽርካ ወጺኡ በጺሖም፡ ጥፍኣት'ምበር ልምዓት ከምጽኡ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ኳብዚ ነገር'ዚ ንምድሓን፡ ሓያል ምቍጽጻር ክህሉ ይግባእ። ኣባላት ሓዳስ ቦርድ'ውን ነዚ ብምርዳእ፡ ፈለማ ከምኡ'ያ ገይራ። ብዓቕማ




ሌ/ኮ ገረዝግሄር ተስፋጊብርኤል (ባሻይ)

ክትገብሮ ዝኸኣለት እናሰርሐት፡ ክትገብሮ ዘይከኣለት ድማ፡ ምስ ትካሎም ኣብ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ናይቲ ትካል ዝጐደሎ እንታይ'ዩ፧ ዝምልኣሉ'ኸ እንታይ ኣለወ፧ ብምልላይ፡ ሞያውያን ብምዕዳምን ዝተፈላለዩ መጽናዕቲታት ብምኽያድን ብሓደ ወገን፡ ማዕረ-ማዕረኡ፡ ንሰራሕታኛታት ናይ'ቲ ትካል ቀጻሊን ዘየባትኽን ኣኼባታትን ጕስጓሳትን ብምኽያድ ድማ በቲ ኻልእ፡ ትካሎም ኳብ ዝወደቐ ተንሲኡ ትንፋስ ሰኹዑ ክሰርር ጥራይ ዘይኮነ፡ ደልዲሉ ክረግጽ እውን ኣኽኢልዎ'ዩ።

እታ ቦርድ ቀጺላ ዝወሰደቶ ስጉምቲ፡ ሰሪ ብልሽት ኳብ ስራሕ ወጻኢ ዝተጸግዓ 10ታት ሚኒባሳት ብኩንትራትን ካልእን ብዘገምታ ተጸጊነን ዳግማይ ስርሐን ክጅምራ ልዑል ወጻኢታትን ከቢድ ጻዕሪን ዝሓተተ ወፍሪ ክትገብር'ያ ተበጊሳ። እታ ነዚ ሓላፍነት ተሰኪማ ዝተበገሰት ቦርድ፡ ብዘገበረቶ ንጡፍ ምንቅስቓሳትን ዝተኸተለቶ ውርጹጽ ምሕደራዊ ኣገባብን ዝበዝሓ ኳብተን ተበላሽየን ዓዲ ውዕል ብምዃን ወዲኣን ተባሂለን ዝተጸግዓ ሚኒባሳት፡ 42 ግቡእ ጽገና ተገይሩለን ዳግም ናብ ስራሕ ብምውፋር፡ ንመጸኢኣን ዝወጸ ዕዳ ገንዘብ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝኸፈል ኮይኑ።

ብኣባላቱ ኮነ በታ ዝተመርጸት ቦርድ ኳብ ዝደቐቐት ክሳብ'ታ ዝዓበየት ምንቅስቓት ንብረት ናይቲ ትካል ምክትታል ብምግባር፡ ብኽልተ እግሩ ክረግጽ ስለ ዝጀመረ፡ ኳብ 2016 ጀሚሩ ኣመቱ ናብ ወነንቲ ብርኪ ብምግባር፡ ብሰሪ ዘጋጠሞ ክሳራ ተቛሪጹ ዝነበረ ብጽሒት ኣባላት ብርኪ እናኸፈለ ናብዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ክሓኵር ዝኸኣሎ እዚ ዝተጠቕሰ ሜላዊ ኣገባብ ኣካይዳ እዩ። በዚ ድማ፡ መዓልታዊ ኣስታት 30 ሚኒባሳት ብምውፋር፡ ብኽልተ እብረ ዝሰርሖ ሰራሕተኛታቱ እናዋፈረ መዓልታዊ ኣብተን ዝኸፈተን 15 መስመር ኳብ ንግሆ ሰዓት 6፡00 ክሳብ ምሸት ሰዓት 10፡00 ን16 ሰዓታት ንተቐማጦ ኣስመራን ከባቢኣን ዘየባትኽ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከብ።

ይቕጽል . . .



ሚኒባሳት ህዝባዊ መጐዓዝያ ገመል

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ናይ ጽዕነት መራኽብ መጥቃዕቲ ፈጺማ

ኢራን ኣብ መጽበቦ ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ሰለስተ ናይ ጽዕነት መራኽብ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን ካብ'ተን ሰለስተ መራኽብ ነተን ክልተ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ድሕሪ ምውዓሉ፡ ናብ ገማግም ባሕሪ ሃገሩ ከም ዘአገደን ኣረዲኡ።

ትራምፕ፡ ትማሊ ሰሉስ ነቲ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ንዘይተወሰነ ግዜ ከም ዘናውሖ ድሕሪ ምግላጹ፡ ወከልቲ ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ፓኪስታን ቅድሚ ንኻልኣይ ግዜ ምርኻቦም፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ጸቕጢ ንምፍጣር ዝዓለመ ዘሎ ዕጽዋ መራኽብ ክቕጽል ምዃኑ ኣፍሊጡ።



እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣማኻሪ ኣፈ-ጉባኤ ፓርላማ ኢራን፡ "ምንዋሕ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን" ድሕሪ ምባል፡ "ምንዋሕ ናይቲ ስምምዕ ንዘይደብታዊ መጥቃዕቲ ዝኸውን ዝያዳ ግዜ ንምርካብ ዝዓለመ ተንኮል እዩ" ክብል ኺጊሩዎ ኣሎ።


## ኣመሪካ፡ ኣፍጋናውያን ናብ ኮንጎ ንምስግጋር ትሰርሕ

ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ቀጠር ተዓጽዮም ንዘጸንሑ ቪዛ ኣመሪካ ዝጸበዩ 1,100 ኣፍጋናውያን ናብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ንምስግጋር፡ ምስ መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ይዘራረብ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ማሰራትን ፕረዚደንትን ናይ'ቲ 'Afgha-nEvac' ዝተባህለ ንመሳል ኣፍጋናውያን ዝጣበቕ ማሕበር - ሻውን ቫንዳይቨር ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሰበ ስልጣን ኣመሪካ፡ ብዛዕባ እቲ ንኣፍጋናውያን ኣብ ኮንጎ ንምስፋር ዝዓለመ መደብ ሙብርሂ ከም ዝሃብዎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ እዚ ድማ ኣብ'ታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ብዘሎ ዘይውሑስነት ቅቡል ከም ዘይኮነ ገሊጹ።

እቶም ኣፍጋናውያን ኣብ ቀጠር ኣብ ዝርከብ መደበር ሰራዊት ኣመሪካ ተዓቝቦም ዘለዉ ኮይኖም፡ ናብ ኣመሪካ ክኣትዉ መሰርሕ ቪዛ ሰደተኛታት ንምፍጻም ናብ ቀጠር ከም ዝተሰግሩ ይሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ምምሕዳር ትራምፕ ንኣፍጋኒስታን ኣብ ዝርዝር ናይ'ተን ናይ መገሻ እገዳ ዘለወን 12 ሃገራት ከም ዘሰፈራ ይዝከር። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ድማ ንኣፍጋናውያን ዝወሃብ ቪዛ ደው ከም ዝበለ ይሕበር።



ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ሓደ ብማእከላይ ወከልቲ ስለያ (CIA) ዝድገፍ ኣባል ንኡስ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝነበረ ኣፍጋናዊ፡ ንኽልተ ኣባላት ሃገራዊ ሓለዋ ኣመሪካ ብጥይት ድሕሪ ምቕታሉ፡ ንኹሎም ዜጋታት ኣፍጋኒስታን ዝኸውን መሰርሕ ቪዛ ሰደተኛታት ደው ከም ዘበሎ ይፍለጥ።

ኣፈኛ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝለኣኾ ናይ ኢመይል መልእኽቲ፡ "ንኣፍጋናውያን ኣብ ሳልሳይ ሃገር ዳግማይ ምስፋር፡ ካብ ኣፍጋኒስታን ወጻኢ ሓድሽ ህይወት ንኽጅምሩ ዕድል ዝህብ እወታዊ ፍታሕ ክኸውን እዩ" ኢሉ።

መንግስቲ ኮንጎ ግን ነቲ ጉዳይ ብዝምልከት ንዝቐረበሉ ሕቶ ብቕጽበት መልሲ ኣይሃበሉን ዘሎ።




## ሉፍታንዛ፡ 20 ሽሕ በረራታት ይሰርዝ

ጀርመናዊ መንገዲ ኣየር ሉፍታንዛ፡ ኣብ ዝቕጽል ክረምቲ 20 ሽሕ ናይ ሓጺር ርሕቀት በረራታት ደው ከብል ምዃኑ ሓቢሩ።

እቲ መንገዲ ኣየር ነዚ ዝገለጸ፡ ብሰንኪ ምውሳኽ ዋጋ ነዳዲ፡ ሉፍታንዛ ኣብ ዘካይዶ በረራታት ክሳራታት የጋጥሞ ከም ዘሎ ድሕሪ ምእማኑ እዩ።

ኩናት ኣመሪካን እስራኤልን ምስ ኢራን ካብ ዝጀምር ንደሓር ዋጋ ነዳዲ ነፋርቲ ብዕጽፊ ብምውሳኹ፡ በረራታት ብደረጃ ዓለም ክጎድል ኣጉዲዱ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ከይኤልኤም- ፈረንሳን ደልታን ዝርከብዎም ሓያሎ ካልኦት መንገዲ ኣየራት እውን ንገለ በረራታቶም ንግዚኡ ከቋርጽዎ እንከለዉ፡ ገለ መንገዲ ኣየራት ድማ ነቲ ዘጋጥሞም ዘሎ ክሳራታት ንምሽፋን ዋጋ ትኬት ከም ዘወሰኹ ተገሊጹ።

እቲ ግጭት ናይ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ ጊያሾ ተወሳኺ ወሰኽ ዋጋ ትኬትን ዝያዳ ዝተሰረዙ በረራታትን ክጸበዩ ከም ዘለዎም ተንተንቲ ኣጠንቂቖም።

ወሸመጥ ዓረብ ቀንዲ ምንጪ ነዳዲ ኣቢሸን ኮይኑ፡ ኣስታት 50 ሚእታዊት ካብቲ ናብ ኤውሮጳ ዝኣቱ ነዳዲ ይሸፍን።

እቲ ዝበዝሐ ክፋሉ ብመንገዲ መጽበቦ ሆርሙዝ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ኢራን ንመጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን መልሰ ግብሪ ንምሃብ ክትብል ብኣድማዒ መንገዲ ዓጽያቶ ትርከብ

ሉፍታንዛ ምቁራጽ ናይቶም ቀዳሞት 120 በረራታት ትማሊ ሰሉስ ተግባራዊ ከም ዝኾነውን ገሊጹ ኣሎ።



## ብሪጣንያ - መንእሰያት ሽጋራ ከየትክኹ ዝኽልክል እማመ ጸዲቑ

ባይቶ ብሪጣንያ፡ ካብ 1 ጥሪ 2009 ንደሓር ዝተወልዱ መንእሰያት ኣብ ምሉእ ህይወቶም ሽጋራ ከይገዝኡ ዝኽልክል ሓድሽ እማመ ከም ዝጸደቐ ተሓቢሩ።

እቲ እማመ፡ ኣካል ናይ'ቲ ንዓመታት ዝቐጸለን ካብ ምትካኽ ናጻ ወለዶ ንምፍጣር ዝዓለመን ጻዕሪ ሚኒስተራት ናይ'ታ ሃገር እዩ።



ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክንን ዌስ ስትሪቲንግ፡ ጥዕና ህዝቢ ንምሕላው ብሰንኪ ምትካኽ ሽጋራ ዝስዕብ ጉድኣት ንምንካይ ዝዓለመ እማመ ትምባኾን ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራን (ቬፕ) ኣብ 2024 ኣብ ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣቕሪቡ ነይሩ።

ምክልኻል ካብ ፍወሳ ከም ዝቐልል ዝሓበረ እቲ ብዓል ስልጣን፡ እቲ እማመ ህይወት ከም ዘድሕንን ኣብ ብሪጣንያ ዝርከቡ ህጻናት ድማ ኣካል ናይ'ቲ ቀዳማይ ካብ ምትካኽ ናጻ ዝኾነ ወለዶ ከም ዝኾኑን ኣረዲኡ።

እቲ እማመ፡ ዝመጽእ ሰሙን ካብ ንጉስ ናይ'ታ ሃገር ፍቓድ ምስ ዝረክብ ሕጊ ክኸውን እዩ።

ሕጊ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ከኣ፡ ሚኒስተራት ንፍርያት ትምባኾ፡ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራን ኒኮቲንን እንተላይ ንመኣዛታቶምን መዐሸጊኦምን ናይ ምቁጽጻር ሓድሽ ስልጣን ክህልዎም እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መላእ ብሪጣንያ ካብ ትኪ ናጻ ዝኾኑ ዞባታት ንምስፋሕ ኣብ ዝዓለመ ጻዕሪ፡ ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ኣብ መጻወቲ ቦታታት፡ ህጻናት ኣብ ዘለወሉ መካይን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ኣብያተ ትምህርትን ሆስፒታላትን ክኽልከል እዩ።

ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ
ዕለት
23/04/2023
ጎደና
ጎደና ማ.ት.ኡ-176 ቁ. 25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ
ቁ.ስልኪ
126003
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services